# ኢፕድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 36 11 ሓምለ 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00




# «ሃገር ዝህነፅ ፈተናታት ተሳጊርካ ከምዝኾነ ካብ ፕሮጀክት ኢኮ ሪዞርት ጎርጎራ ምምሃር ይከኣል ‘ዩ»

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር)

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ:- ሃገር ንምህናፅ ፈተናታት ተሳጊርካ ከምዝኾነ ካብ ፕሮጀክት ኢኮ ሪዞርት ጎርጎራ ከንመሃር ንኽእል ኢና ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ተዛሪቦም።

ነዚ ዝበሉ ኣብዚ ሰሙን ኣካል መኣዲ ንሃገር ዝኾነ ኢኮ ሪዞርት ጎርጎራ ኣብ ተመረቐሉ ‘ዩ፡፡

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ (ዶ/ር) ኣብ ዘመሓላለፉዎ መልእኽቲ፤ ጎርጎራ ሕልምና ዝኾነ ይኹን ክፍሕኞ ብዘይኽእል፣ ሕልምና ንህዝብና ዝተዛረበ ድምፅን ሓሳብና ንዘይተረድኡና ግልፂ ገይሩ ዘርኣየ ስእሊ ‘ዩ ኢሎም።

ጎርጎራ ዘምሀረና ነገር ሃገር ብኣእዳው ‘ምበር ብመልሓስ ከምዘይትስራሕ ‘ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ሃገር ንምስራሕ ጥንኩራት፣ ሓመድ ዘይፅየፉን ብማይ ዘይተሰኮኑን ኣእዳው ‘ምበር ኣብ ዩቲዩብ ተዛእቲሎም ዝዛረቡ መልሓሳት ሃገር ከምዘይሃንፁ ጎርጎራ ኣምሂሩና ሓሊፉ ‘ዩ ክብሉ

« ሃገር ዝህነፅ ... ገፅ 6



መስፍን ኣርኣያ (ፕ/ር)

## ኣብ 10 ክልላት ምፍላይን መረፃን ተሳተፍቲ ሃገራዊ ምክክር ተዛዚሙ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ:- ኣብ 10 ክልላት ምፍላይን መረፃን ተሳተፍቲ ሃገራዊ ምክክር ከምተዛዘመ ኮሚሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

ዋና ኣካቢ እቲ ኮሚሽን መስፍን ኣርኣያ (ፕ/ር)፤ ኮሚሽን ምኽክር ፈላማይ ስራሕ ምትእኻኻብ ኣጀንዳ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ንኣዲስ ኣበባ ብዓወት ከምዘሳለጠ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ክልላት ሃረር፣ ጋምቤላን ቤንሻንጉል ጉሙዝን ኸይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ከምዝጅምር ኣፍሊጦም።

ኣብ 10 ክልላት ... ገፅ 6

# መስጊድ ኣልነጃሺ ኣብ ዩኔስኮ ንምምዝጋብ እናተሰርሐ ምኻኑ ተገሊፁ

ብጋዜጣ ሪፖርተር

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ጣብያ ነጋሽ ዝርከብ መስጊድ ኣልነጃሺ ብዝበፅሖ ዕንወት ዳግም ክህነፅን ኣብ ዩኔስኮ ክምዝገብን ጉዳያት እስልምና ትግራይ ምስ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ብሓባር ይሰርሑ ምህላዎም ተገሊፁ፡፡

እዚ ዝተገለፀ ኣመራርሓ ባህልን ቱሪዝምን ላዕለዎት መራሕቲ ሃይማኖት እስልምና ትግራይ፣ ተወከልቲ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያን ካልኦት ተሳተፍትን ኣብ ዝተረኽብሉ 7 ሓምለ 2016 ዓ/ም ኣብ ከተማ መቐለ ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ኣልነጃሺ ‘ዩ፡፡

ኣብቲ ዋዕላ ተረኺቦም መኽፈቲ ዘረባን መበገሲ ፅሑፍን ዘቕረቡ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ዶክተር ኣፅበሃ ገ/እግዚኣብሄር “ፍልፍል ቱሪዝምን ክኾኑ ዝኽእሉ ጥንታውያን ቅርስታት ሓወልቲ ኣክሱም፣ መስጊድ ኣልነጃሺ፣ ገዳማት ገርዓልታን ካልኦት ታሪኻዊ ፀጋታት ሒዝካ ምጥማይ ኣዝዩ መሕዘንን ውርደትን ‘ዩ” ኢሎም፡፡

“ብመሰረት እዚ ነዚ ልምዓት ንኽውዕል ታሪኻዊ መስጊድ ኣልነጃሺ ኣብ ዩኔስኮ ካብ ምምዝጋብ ዝዓግተና

መስጊድ ኣልነጃሺ ... ገፅ 6



«ጎርጎራ ሃገር ብኣእዳው ‘ምበር ብመልሓስ ከምዘይትስራሕ ዘምሀረ ፕሮጀክት ‘ዩ»

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

ገፅ 4

«ህዝቢ ትግራይ ከባቢኡ ንምሕዋይ ካብ ምስራሕ ዝበኽረሉ እዋን የለን»

- ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት

ገፅ 5

ወጋሕታ **ዜና**

# ንግልጋሎት ፕሮግራም ልምዓታዊ ሴፍትኔትን ውሕስና ምግብን ክልል ትግራይ ዝውዕሳ 32 ተሽከርከርቲ ተበርኪተን

**ብጋዜጣ ሪፖርተር**



ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ንግልጋሎት ፕሮግራም ልምዓታዊ ሴፍትኔትን ውሕስና ምግብን ዝውዕላ ሚኒስትር ግብርና ፌዴራል ብደገፍ ዝለኣኸን 32 ተሽከርከርቲ ን32 ወረዳታት ተዋሂበን።

ኣብቲ ስነ ስርዓት ርኽክብ ዝተረኸቡ ግዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ፣ ዝተወደበን ህርኩትን ሓረስታይ ትግራይ ዘለውዎ ፅገማት ንምፍታሕ ብትኹረት ምስራሕ ከምዝግባእ ሓቢሮም።

እኹል ናውቲ ኣብ ዘይተማለኣሉ ኩነታት ኮይንኩም ትሰርሑ ከምዘለኹም ይርዳእ እየ ዝበሉ ኣይተ ጌታቸው፤ እተን ተዋሂበን ዘለዋ ተሽከርከርቲ ንስራሕን ስራሕን ጥራሕ ክውዕላ ከምዝግባእ ኣገንዚቦም።

ዘለው ሕፅረታት ብቐልጡፍ ብምፍታሕ ገዚፍ ዕማም ንምውጋን ርግፀኛታት ኮይንና ክንሰርሕ ይግባእ 'ውን ኢሎም።

ዝተወደበን ህርኩትን ሓረስታይ ትግራይ ዘለውዎ ፅገማት ንምፍታሕ ብትኹረት ምስራሕ ከምዝግባእ 'ውን እቶም ፕረዚዳንት ገሊፆም።

ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን እቲ ግዚያዊ ምምሕዳር ኢያሱ ኣብረሃ(ዶክተር) ብግደኦም፤ እቲ ሓገዝ ኣብ ምዕዋት ፕሮግራም ልምዓታዊ ሰፍትኔትን ምግቢ ውሕስናን ልዑል ግደ ከምዝህልዎ ገሊፆም።

እቲ ሓገዝ ካብ 56 ተጠቀምቲ ፕሮግራም ልምዓታዊ ሶፍትኔትን ምግቢ ውሕስናን ተረባሕቲ ወረዳታት ነተን 32 ወረዳታት ጥራሕ ከምዝበፅሐ ብምግላፅ፣ እተን ዝተረፋ ወረዳታት ኣብ ቀረባ እዋን ተሽከርከርቲ ክረኽባ ምዃነን ሓቢሮም።

እተን 32 ተሽከርከርቲ ክቢድ ፅገም ንዘለወን ወረዳታት ቀዳምነት ክረኽባ ከምዝተገበረ 'ውን ተዛሪቦም።

ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ መተሓባበሪ ፕሮግራም ልምዓታዊ ሶፍትኔትን ምግቢ ውሕስናን ኣይተ መሓሪ ሕሽ፤ ንክልል ልምዓታዊ ሴፍትኔት ፕሮግራምን ምግቢ ውሕስናን ዝተረከባ 4 ተሽከርከርቲ ሓዊስካ 32 ተሽከርከርቲ ን32 ወረዳታት፤ ሓደ ዴስክቶፕ፣ ሓደ ላፕቶፕን ፕሪንተርን ብሓፈሻ 255 ኤሌክትሮኒክስ ን51 ወረዳታት ትግራይ ከምዝተወሃበ ገሊፆም።

ብተወሳኺ 45 ሞተር ሳይክል ካብ ትካል ፖሮግራም ስግግር ሕርሻን ነባሪ ኣየርን (CALM) እቲ ፕሮጀክት ኣብ ዝፍፀመለን ወረዳታት ከምዝተዓደላ ቢሮ ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ክልል ትግራይ ፀብፂቡ።

# ኣብዚ ክረምቲ ክትከሉ ካብ ዝተዳለዉ ልዕሊ 33 ሚልየን ፈልሲ 8.6 ሚልየን ተተኺሎም

**ኣብርሃ ሓጎሰ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ኣብዚ ክረምቲ ክትከሉ ካብ ዝተዳለዉ ልዕሊ 33.2 ሚልየን ፈልሲ ክሳብ ሐዚ ኣብ ዝናብ ዘለዎም ከባቢታት ልዕሊ 8.6ሚልየን ከምዝተተኺሉ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ገሊፁ።

ዳይሬክተር ልምዓትን ኣጠቓቕማን ደኒ እቲ ቢሮ ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብዚ ዓመት ልዕሊ 58ሚልን558 ሽሕን 241ን ፈልሲ ክነፍልስ ኢልና ተሊምና እናሰራሕና ነይርና፤ ይኹን እምበር ብሕፅረት ዓቕሚ ምኽንያት 33ሚልየንን 207ሽሕን 433ን ፈልሲ 'ዩ ተዳልዩ።

ክትከሉ ካብ ዝተዳለዉ 33.2 ሚልየን ፈልሲ ክሳብ ሐዚ ዝተተኽሉ ፈልስታት ድማ ልዕሊ 8. 63 ፈልሲ ወይ 26 ሚእታዊ ኣብ ዝናብ ዝልዎም ከባቢታት ከምዝተተኽሉ ሓቢሮም።

ትማሊ ፅቡቅ ኣብ ስራሕቲ ምሕዋይ ከባቢ ዝነበርና ኢና ዝበሉ ኣይተ ተስፋይ፤ ሎሚ 'ውን ናብኡ ንክንምለስ ፅቡቅ ፃዕሪ እናገብና ንረክብ ኣለና። ስለዚ ሐዚ 'ውን ከምትማሊ እቲ ህዝቢ ተወዲቡ ውፂኢታዊ ስራሕ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ ኢሎም።

ከም ገለፃ ኣይተ ተስፋይ፣ ህዝቢ ትግራይ ትማሊ ዘጥረዮ ደኒ ኣብዚ ፅገም እዋን ተጠቂሙሉ 'ዩ። ሐዚ ኣብ ዝረሃወ እዋን ድማ ነቲ ተፈጥሮ ንምሕዋይ ክሰርሕ ኣለዎ ብምባል፤ ናይ ቀፃሊ ሂወትና ክነውሕስ ሐዚ ብርስት ክንከላከል ኣለና ኢሎም።

ነዚ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ፅገም ነኒበይንኻ ከይድካ ክፍታሕ ከምዘይክኣል ስለ እንርዳእ ምስ ዝምልከቶ ኩሉ ብምርድዳእን ብምትሕግጋዝን 'ዩ ዝስራሕ ዘሎ ዝበሉ ኣይተ ተስፋይ፤ እዚ ተዘይኽውን ነይሩ ሐዚ ነዚ ፈልሲ ክነፍልሰሉ እንኽለሉ ዕድል ኣይመነበረናን ነይሩ ብመባል፣ እዚ ተሰሪሑ ዘሎ ብናይ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ሓገዝ ከምዘኾነን በዚ ድማ ኣጠናኺሮም ክቕፅሉ ፀዊዖም።



ኮማንደር ኣንድነት ነገሰ

# ኣስታት 140 ዋንነተን ዘይተፈለጣ ተሽከርከርቲ ብፖሊስ ተታሒዘን

**ብጋዜጣ ሪፖርተር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ዝተፈላለዩ መሕደርታት ተሽከርከርቲ ኣስታት 140 ዋንነተን ዘይተፈለጣ ተሽከርከርቲ ከምዝተረኸባ ቤት ፅሕፈት ፖሊስ ከተማ መቐለ ኣፍሊጡ።

እቲ ቤት ፅሕፈት ነዚ ዘፍለጠ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ዕላዊ መግለፂ 'ዩ።

ዋና ኣዛዚ ፖሊስ ከተማ መቐለ ኮማንደር ኣንድነት ነገሰ ኣብዚ ሰሙን ምስ ኮሚሽን ፖሊስ ትግራይ ኣብ ዝተጀመረ ምፅራይ ዋንነተን ዘይተፈለጣ ኣስታት 140 ዝተፈላለያ ዓይነታት ተሽከርከርቲ ተረኺበን ኣለዋ ኢሎም።

እተን ተረኺበን ዘለዋ ተሽከርከርቲ ዋንነተን ንምፍላጥ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ምፅራይ ከም ዝግበርን ሰብ ዋና ኢና ዝብሉ ኣካላት እንተሃልዮም ድማ ዋንነቶም ዘረጋግፅ እኹል መረዳእታ ሒዞም ከፍልጡ ኣገንዚቦም።

ምስ ተሽከርከርቲ፣ሓፂነ መፂንን ካልኦት ንብረታትን ተጀሚሩ ዘሎ ስራሕቲ ምፅራይ፣ ማሕበረሰብ ዘለዎ ዝኾነ ይኹን ሓበሬታን ጥቆማን ናብ ኩለን ኣብያተ ዕዮ ፖሊስ እናኸደ ከፍልጥን ክተሓባበርን ድማ ፀዊዖም።

እቲ ቤት ፅሕፈት ኣብ ከይዲ ዝገብሮ ዘሎ ምፅራይ ዝህልዉ ምዕባለታት ድማ ንማሕበረሰብ ዕላዊ እናገበረ ከም ዝኸይድ ትግራይ ተሌብዥን ፀብፂቡ።

# ኣብ ከተማ ዓደዋን ኸባቢኣን ልዕሊ 2ሚልየን ፈልስታት ንምትኻል ትልሚ ተታሒዙ እናተሰርሐ ይርከብ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ዝሓዝናዮ ዘመነ ኽረምቲ ኣብ ትግራይ ከተማ ዓድዋን ኸባቢኣን ልዕሊ 2 ሚልየን ፈልስታት ንምትኻል ተተሊሙ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ምምሕዳር ከተማ ዓድዋ ገሊፁ።

ዋና ስራሕ መካየዲ ምምሕዳር ከተማ ዓድዋ ኣይተ ጎበዛይ ኣረፋይነ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝበልዎ፤ ኣብዚ ክረምቲ እቲ ዓብይ ጉዳይ ተባሂሉ ዝተተሓዘ እቲ ሓደ ምትካል ፈልስታት 'ዩ። ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ዝርከብ ዕድል ዝናብ ኣብ ወርሒ ሓምለ ጉድጓዳት ብምኹዓት ፈልስታት ምትካል እቲ ዓብይ ትልሚ 'ዩ።

በቢ ቀበሊኡ ዝተጣየሹ ልምዓት ኮሚቴ ናይዚ ልምዓትን ፈልሲ ምትካልን ዝመርሑ ምስኦም ዘተ ብምግባር ፕሮግራም ኣውፂእና ኣለና ዝበሉ ኣይተ ጎበዛይ፤ ልዕሊ 2 ሚልየን ዝኸውን ፈልስታት ብመንግስቲ ብቤት ማዛጋጃ ዝትከሉ ፍልስታት እናተዳለወ ከምዝኾነ ኣብሪሆም። ምስቲ ሕብረተሰብ ብምዝርራብ ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት 'ውን ዝትከሉ እንትኾን ብውልቆም ክተኽሉ ዝደልዩ ትካላት 'ውን ኣለዉ፣ ቦታ ሓቲቶም ኽሊልና ዝሃብናዮም ትካላት 'ውን ኣለዉ ክብሉ ገሊፆም ::

ብብርኪ ከተማ ድማ ልዕሊ ሓደ ሚኢቲ ሽሕ ፈልስታት ኣብዚ ክረምቲ ክምዝትከል ትልሚ ኣለና ዝበሉ ኣይተ ጎበዛይ፤ ምኽንያቱ ቅድሚ ኽዚ ተተኺሎም ዝነበሩ ተኽልታት ኹሎም በሪሶም ስለዝኾኑ ከም ሓድሽ ክስራሕ እንተኾይኑ ከምዚ ገይርና ተዋዲድና ክንሰርሕ ኣለና ዝብል ከም ሕብረተሰብ ዓብይ ምቅስቃስ እናተገበረ 'ዩ ኢሎም።

10 ሓምለ ኳዕትን ተኽልን ክጠቓለል 'ዩ ዝብል ትልሚ ኣለና፤ ምስ ተወከልቲ ልምዓት 'ውን ዘተ ኣካይድና ኢና፤ ኣብዚ ክረምቲ እቲ ዝዓበየ ስራሕና ተኽሊ ምትኻል 'ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።



ኣይተ ጎበዛይ ኣረፋይነ

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ንዳግመ ሕውየት ክልል ትግራይ ዝግበር ዘሎ ሓገዝ ንዝተሓሰበ ዕላማ ክውዕል ይግባእ

ከምዝፍለጥ ክልል ትግራይ ኣብ መንጎ ህወሓትን መንግስቲ ፌዴራልን ብዘጋጠመ ፖለቲካዊ ዘይምስምዕማዕ ስዒቡ ኩናት ብምውልዑ ዝተፈላለዩ ጉድኣት በፂሕዋ 'ዩ፡፡ ኣብ ሂወትን ኣካልን ሰብ ዝበፅሐ ጉድኣት ከምዘለዎ ኮይኑ ኣብ ካልኦት ከም ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ትካላት 'ውን ቐሊል ዘይበሃል ጉድኣት በፂሑ 'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና እቲ ኩናት ብስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ መዕለቢ ምስረኸበ መንግስቲ ካብዚ እዋን ጀሚሩ ነቲ ኣብ ትካላት ዝበፅሐ ጉድኣት ኣብ ምሕያውን ኢሉ 'ውን ሓደሽቲ መሰረተ ልምዓት ኣብ ምሕናፅን እናነጠፈ ይርከብ፡፡

መንግስቲ ፌዴራል ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልል ብምትሕግጋዝ ዓንዮም ዝነበሩ ከም መዕርፎ ነፈርቲ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ቱሪዝም፣ ሕርሻ ከምኡ 'ውን ካልኦት ዘፈራት ናብ ዝነበርዎ ንምምላስ ስምምዕነት ካብ ዝተኸተመሉ ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ፡፡ ሕዚ 'ውን እናሰርሐ ይርከብ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ወርሒ ሰነ ኢንስቲትዩት ስግግር ሕርሻ ኢትዮጵያ ጨንፈር ትግራይ ኣብ ክልል ትግራይ ብክላስተር ንዝተወደቡ ሓረስቶት ዝውዕላ 22 ዘመናዊ ትራክተራት ብሓገዝ ኣረኪቡ 'ዩ። እተን ትራክተራት፣ ኣብ ሽዱሽተ ወረዳታት ክልል ትግራይ ብክላስተር ንዝተወደቡ ሓረስቶት ክውዕላ ተገይሩ 'ዩ፡፡

ብኻሊእ ወገን መንግስቲ ኣብዚ ቐረባ ሰሙን ጥራሕ ዝገበሮ ሓገዝ እንተሪእና ንግልጋሎት ፕሮግራም ልምዓታዊ ሴፍትኔትን ውሕስና ምግብን ዝውዕላ ብሓገዝ ዝለኣኸን 32 ተሸከርከርቲ ን32 ወረዳታት ሓጊዙ 'ዩ።

እቲ ዝተገብረ ሓገዝ ዝስትውዐሉ ሕፅረት እታዎታት ሕርሻ ሙሉእ ብሙሉእ ክፈትሕ እኳ ተዘይከኣለ ብዙሓት ፀገማት ንምፍታሕ ግና ዝሕግዝ 'ዩ፡፡ ኣብ ምዕዋት ፕሮግራም ልምዓታዊ ሰፍትኔትን ምግቢ ውሕስናን ልዑል ግደ ኣለዎ፡፡

ሕዚ እቲ ሓገዝ ካብ 56 ተጠቀምቲ ፕሮግራም ልምዓታዊ ሶፍትኔትን ምግቢ ውሕስናን ተረባሕቲ ወረዳታት ነተን 32 ወረዳታት ክበፅ ክኢሉ ኣሎ፡፡ ከቢድ ፀገም ንዘለወን ወረዳታት ቀዳምነት ክረኽባ ተገይሩ ኣሎ፡፡ እተን ዝተረፋ ወረዳታት 'ውን ኣብ ቀረባ እዋን ሓገዝ ተሸከርከርቲ ክረኽባ 'የን፡፡

ብተወሳኺ 255 ኤሌክትሮኒክስ ን51 ወረዳታት ትግራይ ክረኽባ ክኢለን ኣለዋ፡፡ ከምኡ 'ውን 45 ሞተር ሳይክል ካብ ትካል ፖሮግራም ስግግር ሕርሻን ነባሪ ኣየርን (CALM) እቲ ፕሮጀክት ኣብ ዝፍፀመለን ወረዳታት ተዓዲለን 'የን፡፡

ኣብቲ ስነ ስርዓት ርኽክብ ተሸከርከርቲ፣ ግዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ዝተረኸቡ እንትኾኑ፣ ብፍላይ ዝተወደበን ህርኩትን ሓረስታይ ትግራይ ዘለውዎ ፀገማት ንምፍታሕ ዝሕግዛ ብምዃነን ብትኹረት ክሰራሕ ኣለዎ ኢሎም 'ዮም፡፡ ክኸውን ዝግበኦን 'ውን 'ዚ 'ዩ፡፡ እተን ተዋሂበን ዘለዋ ተሸከርከርቲ ነቲ ዝተሓሰበሉ ዕላማ ጥራሕ ክውዕላ ኣለዎን፡፡ እቲ ሓገዝ ፀገም እቶም ሓረስቶት ንምቕላል ብዓብይኡ ዝሕግዝ ስለ ዝኾነ ነቲ ሓገዝ ብዝግባእ ኣብ መዓልኡ ክውዕል ምግባር ይግባእ፡፡

እዚ ተጎዲኡ ንዝፀንሐ ሕርሻ እቲ ክልል ብዓብይኡ ዝሕግዝ ስለዝኾነ ብፍላይ ብሰንኪ ሕፅረት እታዎታት ቐኒሱ ዝፀንሐ ፍርያት ሓረስታይ ንምድንፋዕ ሓጋዚ ስለዝኾነ እቲ ሓረስታይ ንበዓሉ ተረቢሑ ንማሕበረሰብ 'ውን ክጠቕም ዝገብር 'ዩ፡፡

መንግስቲ ካልኦት እታዎታት ሕርሻ ከም ትራክተራት ዝበሉ እታዎታት 'ውን እናሓገዘ 'ዩ ዝርከብ፡፡ ብትራክተር ምሕራስ ተጀሚሩ ኣሎ፤ እዚ ተጎዲኡ ዝነበረ ሕርሻ ትግራይ ንምንቅቃሕ ኣዝዩ ዝሕግዝ እንትኾን እዚ ድማ ኣብቲ ክልል ዝህልዎ ኣወንታዊ ግደ ዓብዩ ምዃኑ ብምርዳእ ዝመልከቶም ኣካላት በዝግባእ ኣብ ረብሓ ብምውዓል ኢኮኖሚ እቲ ክልል ዝያዳ ዝተነቃቕሐ ንክኸውን ግዴታዊ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ኣለዎም፡፡

ብሓፈሻ ተስፋ ትግራይ ንምግሃድ ግደ ሓረስታይ ልዑል ከምዝኾነ ብምርዳእ ቐፃላይ ዳግመ ሕውየት ትግራይ ንምርግጋፅ ንሓረስታይ ትኹረት ብምሃብ ክስርሑ ዝግበኦም ስራሕትታት እናተሰርሑ 'ዮም፡፡

ብምዃኑ እቶም ሓረስቶትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ነዚ ሓገዝ ብግቡእ ብምጥቃም እቶት ሕርሻ ዝድንፈዐሉ ስራሕ ክሰርሑ ይግባእ፡፡ እቲ ሓረስታይ ካብ ተፀባይነት ምግቢ ወፂኡ ዓርሱ ዝኽእለሉ ኩነታት ንምፍጣር በርቲዑ ምስራሕ ግዴታ 'ዩ፡፡ ከምዚ እንተኾይኑ ኢኮኖሚያዊ ለውጢ ክመፅእ ይኽእል 'ዩ፡፡

ዝተገብረ ሓገዝ፣ ኣብቲ ክልል ኣብ ውሽጢ ሴፍቲኔት ፕሮግራም ንዝሳለጡ ስራሕቲ ዝሕግዝ ኮይኑ መንግስቲ ኣብዚ ዓመት ኣብቲ ክልል ፕሮግራም ሴፍቲኔት ንምቕፃል መደባት ሒዙ እናተንቐሳቀሰ ምዃኑ ዘማላኽት 'ዩ፡፡

ስለዚ ንዳግመ ሕውየት ትግራይ ዝግበሩ ዘለዉ ሓገዛት ፕሮግራም ሴፍቲኔትን ካኦትን ልምዓትን ንዳግመ ሕውየት ዝሕግዝ ስለዝኾነ እቶም ሓገዛት ብዝግባእ ኣብ መዓለኦም ብምውዓል ብውሕሉል መንገዲ ነቲ ዝተሓሰበ ዕላማ ምጥቃም ይግባእ፡፡ ከምዚ ክኸውን ድማ ብፍላይ ነዚ ጉዳይ ዝምልከቶ ኣካል ኩሉ እጃሙ ክዋፃእ ግድን ይኸውን፡፡


## ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቐበሊ ምልዓይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ሚድያታት ኣብ ሰላምን ረብሓን ሃገር መሰረት ብምግባር ክነጥፉ ይግባእ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ሓደ ሚድያ እንትጣየሽ ናይ በዓሉ ተልእኾን ራእይን ሒዙ ከምዝጣየሽ ዝፍለጥ 'ዩ፤ ኮይኑ ግና ሃገራዊ ረብሓን ሰላምን ኣብ ግምት ብምእታው 'ዩ ክኸውን ዝግበኦ፡፡ ምኽንያቱ ሃገር ልዕሊ ኩሉ 'ዩ፡፡ ፖለቲካ ይኹን ካሊእ ትሕቲ ሃገር እምበር ልዕሊ ሃገር ክኸውን ኣይኽእልን፡፡ ልዕሊ ሃገር ዝኾነ ነገር የለን፤ ኩሉ ትሕቲ ሃገር 'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ሓደ ሓደ ሚድያታት ረብሓ ሃገር ኣብ ግምት ውሽጢ ከየእተዋ ዝንቐሳቀሳ ኣለዋ፡፡ ብተፃራሪ ድማ ረብሓ ሃገር ናብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተዋ ዝንቐሳቀሳ ኣለዋ፡፡ ብዙሓት ሚድያታት ሃገርና ረብሓ ሃገረን ብምቅዳም ዝንቐሳቀሳ ኮይነን እዚኣተን ካብ መንግስቲ ሽልማትን ኣፍልጦን ክረኽባ ክኢለን 'የን፡፡ መብዛሕትአን ሚድያታት ዓለምና 'ውን ሃገራዊ ጥቕሚ መሰረት ገይረን እየን ዝንቐሳቐሳ፡፡ እዚ ቀንዲ ስርሐን 'ዩ፡፡

ኣብ ሃገርና ብዙሓት ሃገራዊ ረብሓ ንፀጋም ብምግዳፍ ዝንቐሳቀሳ ሚድያታት ኣለዋ፤ ብግልባጡ ድማ ብዙሓት ሚድያታት ፀገማት እናተጋፈጣ ሃገራዊ ረብሓ መሰረት ገይረን ዝንቐሳቐሳ ብርክት ዝበላ 'የን፡፡ ነዚ መሰረት ብምግባር ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ማለት 3ሓምለ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ብግልጋሎት ኮሚኒኬሽን መንግስቲ ኣብ ዝተዳለወ መደብ ኣፍልጦ ሚድያታት ኢትዮጵያ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ሓዊሱ ን11 ማዕከናት ዜና ሽልማት ኣፍልጦ ሂቦም 'ዮም፡፡ እዚ ሽልማት እዚ ኣብ ቤተ መዘክር ዓድዋ ዝተኻየደ ኮይኑ፤ ኢትዮጵያ ብሮድካስቲንግ ኮርፖሬሽን፣ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ፣ ኦሮምያ ብሮድካስቲንግ ኮርፖሬሽን፣ ኣምሓራ ሚድያ ኔትወርክ ሓዊሱ 11 መንግስትን ውልቀን ሚድያታት ኣፍልጦ ሽልማትን ዝረኸባ 'የን፡፡

እዘን ሚድያታት ዝተጣየሻአ ዕላማን ተልእኾን መሰረት ብምግባር እንትንቐሳቐሳ ልዕሊ ኩሉ ግና ጥቅሚ ሃገር ልዕሊ ኩሉ ተሓሳቢ ገይረን ብምንቕስቓሳን 'የን ናብ ሽልማት በቒዐን፡፡ ሙያዊ ስነ ምግባር ብምሕላው ሕገ መንግስቲ ብዝፈቕዶ መሰረት ክንቐሳቀሳ ኣለዎን፡፡ ሚድያታት ሃገርና ብኸምዚ ክንቐሳቐሳ ኣለዎን፤ ነዚ ተሓሳቢ ገይረን ተዘይንቓሳቐሳ ነይረን እዘን 11 ሚድያታት ሃገርና እዚኦን ነኣዳን ሽልማትን ክረኽባ ኣይምኸኣላን፡፡ ካልኦት 'ውን ነዚኦን ክኽተለኦን ይግበኣ፤ እዚኦን ንኻልኦት ሞዴል 'የን፡፡ ካኦት 'ውን ረብሓን ክብርን ሃገር ኣብ ሓደጋ ከወድቕ ብዘየኽእል መልክዑ ክንቐሳቀሳ ይግባእ፡፡ ሰላምን ረብሓን ሃገር መሰረት ገይረን ክንቐሳቐሳ ኣለዎን፡፡ እተን ናብ ሽልማትን ኣፍልጦን ዝበቅዓ ነዚ ተሓሳቢ ገይረን ብምንቕስቓሰን 'ዩ፡፡ ካልኦት ሚድታት 'ውን ናይዚኦን ኣሰር ክኽተላ ይግባእ፡፡

> **ሚ**ድያታት ጥቕሚን ሰላምን ሃገር መሰረት ገይረን ክነጥፉ ኣለዎን፤ ንሃገር ዝጎድእ ፀብፃብ ክፅብፅባ የብለንን፤

እቶም ጠቕላይ ሚኒስትር ኣብቲ እዋን ስነ ሰርዓት ሽልማት፣ እዘን ሚድያታት ኣብ ኣፀጋሚ እዋን ንሃገር ደው ኢለን 'የን፤ ሃገራዊ ረብሓን ክብርን ምስ ሞያዊ ስነ-ምግባር ዘተኣሳስራ፤ ብጭቡጥ ከም ወተሃደር ንሃገራዊ ረብሓ ደው ዝበላ፤ ኣብ ቀፃሊ 'ውን ሃገር ንምስጋር ኣብ ዝግበር ቃልሲ ተወሳኺ ዓቕሚ ክኾና ከምዝኽእላ ዘመስከራ 'የን ክብሉ ገሊፆመን 'ዮም፡፡

እዘን ሚድያታት ኣብ ፅንኩር እዋን ንሃገራዊ ረብሓን ክብርን ሃገር ንምሕላው ዝገበረኦ ሞያዊ ተወፋይነት እዚ መንግስቲ ነዚ ናይ ሽልማት ኣፍልጦ እንትህብ ንምትብባዕን ኮይኑ ሰብ ሞያ እተን ትካላትን ንሃገራዊ ረብሓን ክብርን ብፅንዓት ክሰርሑ ተወሳኺ ዓቕሚ ዝፈጥር ዘተባብዕን 'ዩ ክብሉ 'ውን ገሊፆም ነይሮም። ስለዚ እዘን ሚድያታት እዚኦን ልዕሊ ኩሉ ህልውና ሃገር ብዝኾነ መዐቀኒ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከምዘይኣቱ ብተግባር ብምርኣየን 'የን ናብዚ ሽልማት እዚ በቒዐን ዘለዋ፡፡ ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ፈተናታት እንተጋጥምዋ ዝተዋደደ ወፍሪ ብምክልኻል ሞያዊ ሓላፍነቶም ተዋፂን 'የን፡፡ እዚ ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ፤ ካልኦት ሚድታት 'ውን ካብዚኦን ተመኩሮ ብምውሳድ ሰኣብቲ ክኾና ይግባእ፡፡

ሃገራዊ ጥቕሚ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ምንቕስቓስ ናብ መማረፂ ዝኣቱ ኣይኮነን፡፡ ፖለቲካዊ ፍልልይ ክንድዝሃለወ ይሃሉ ኣፋላላይካ ሓሊኻ ምኻድ እምበር ጥቅሚ ሃገር ኣሕሊፍካ ከትህብ የብልካን፡፡ ሃገራዊ ጥቕሚ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ከትአቱ የብልካን፡፡ እዚ ቐይሒ መስመር 'ዩ፤ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ኣራኣእያ ክህልዉ ይኽእሉ 'ዮም፤ ዋላ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ኣራኣእያ ይሃሉዉ ግና ሃገራዊ ጥቅሚ ኣሕሊፍካ ከትህብ የብልካን፡፡ ምኽንያቱ ኩሉ ፖለቲካ ትሕቲ ሃገር 'ዩ፡፡

ብሓፈሻ ሚድያታት ጥቕሚን ሰላምን ሃገር መሰረት ገይረን ክነጥፉ ኣለዎን፤ ንሃገር ዝጎድእ ፀብፃብ ክፅብፅባ የብለንን፤ እዚ ምስፖለቲካ ዘራኽብ ነገር የብሉን፤ ጥቅሚ ሃገር ምቕዳም ማለት መንግስቲ ምድጋፍ ማለት ኣይኮነን፡፡ ወይ ፓርቲ ምድጋፍ ማለት ኣይኮነን፡፡ ንሕና ኢትዮጵያውያን ሓንቲ ሃገር እያ ዘለትና፤ ካሊእ ሃገር የብልናን፡፡ እዛ ሃገር ከም ሃገር እንተዘይቐፂላ ኩሉ ተጎዳኢ 'ዩ ዝኸውን፡፡ ሃገር ከትህሉ እንተላ 'ዩ ተቓዋሚ ፓርቲ ይኹን ካሊእ ክህሉ ዝኽእል፡፡

ነዚ 'ዩ ሃገራት ብረብሓ ሃገር ዘይደራደራ፤ ሚድያታ ጥቕሚ ሃገር ኣብ ግምት ኣእትየን ምስራሕ ዝያዳ ኣገዳሲ 'ዩ፡፡ ንስልጣን ከትብል ረብሓ ሃገር ኣሕሊፍካ ትህብ እንተኾይንካ ንህዝቢ ንምጥቃም እንተይኮንካ ተላዒልካስ ንናይ በዓልኻ ጥቕሚ ኢኻ ተላዒልካ፡፡ ኣብ ሃገርና ንስልጣን ክበሃል ረብሓ ሃገር ወይ ልኣላውነት ሃገር ናብ ወጋ ዕዳጋ ከተአቱ የብልካን፡፡ እዘን ዝተሸላማ ሚድያታት ነዚ ተሓሳቢ ገይረን ብምንቕስቓሰን 'የን ፍሉይ ክብርን ናእዳን ክረኽባ ክኢለን ዘለዋ፡፡ ስለዚ ካልኦት ሞድያታታት ነዚኦን ክኽተላ ኣለዎን፡፡ ምኽንቱ እዘን ሚድያታት እዚኦን ሞዴል ወይ መርኣያ ንኻልኦት 'ውን 'የን፡፡

# እዋናዊ ዛዕባ

## «ጎርጎራ ሃገር ብኣእዳው ‘ምበር ብመልሓስ ከምዘይትስራሕ ዘምሀረ ፕሮጀክት ዩ»

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)**

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣብ ክልል ኣምሓራ ዝርከብ ኣካል ፕሮጀክት መኣዲ ንሃገር ዝኾነን ፕሮጀክት ጎርጎራ ኣብዝሓለፈ ቐረባ እዋን ተመሪቑ ‘ዩ። ኣብ ስነ ስርዓት እቲ ምረቓ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር)፣ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ተመስገን ጥሩነህ፣ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ኣረጋ ከበደ፣ ካልኦት ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲ ፌዴራልን ክልልን፣ ዝተፈላለዩ ክፋላት ማሕበረሰብ እቲ ከባቢ ተረኺቦም ‘ዮም። ኣብቲ ስነ ስርዓት ምረቓ ፕሮጀክት ጎርጎራ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ዘመሓላላፍዎ መልእኽቲ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና ።

« ፕሮጀክት ጎርጎራ ፅቡቕ ስራሕ ‘ዩ። ጎርጎራ ብዘድንቕ ኣሳራርሓ ተዛዚሙ ‘ዩ። ጎርጎራ ዘምሀረና ነገር ሃገር ብኣእዳው እንበር ብምልሓስ ከምዘይትስራሕ ‘ዩ። ሃገር ንምስራሕ ጠንካራ ኣእዳው፣ ሓመድ ዘይፅየፉ ኣእዳው፣ ብዝናብ ዘይስኮኑ ኣእዳው እንበር ብዩቱብ ዝዛረቡ ሃገር ከምዘይፅንዑ ጎርጎራ መምህር ኾይኑ ሓሊፉ ‘ዩ። ሃገር ብመልሓስ ኣይፍጠርን፣ ኣይህነፅን። ሃገር ብምፅናዕ፣ ሃገር ኣመልኪዕኻ ንወለዶ ንምሽጋር ዝፅዕሩ ዝሰርሑ ኣኣዳው እንታይ ምግባር ከምዝኽእሉ ጎርጎራ ኣብ ዝነበረኒ ምምልላስ ምርኣይ ኽኢለ ‘የ። ንመጀመርያ እዋን ዝመፃኹ እቲ ፕሮጀክት ንምጅማር ‘ዩ። ኣብቲ እዋን እንታይ ከምዝመስል ይዝክር ‘የ።

እዚ ፕሮጀክት ተጀሚሩ ክሳብ ዝዛዘም ዓሰርተ ሸውዓተ  ግዜ መፂአ ‘የ። ኣብዚ ግዜ ጎርጎራ ካብ ምንታይ ተላዒሉ ናበይ እናተጉዓዘ ከምዘሎ  ንምርኣይ ዕድል ረኺበ ‘የ። ካብ ኹሉ ግዜ እቲ ሓደ ብጣዕሚ ዝዝክሮ ምስ ህወሓት ኣብ ዉግእ ኣብ ዝነበረናሉ እዋን ናብዚ ከባቢ መፂአ ነይረ ‘የ። ኣብቲ እዋን እቲ ዉግእ ዘፍረሖም ሰባት ናብ ጎርጎራ ምኻድ ኣይኸብድን ዶ ይብሉኒ ነይሮም። ኣነ ግን ዝኣምን ብሓደ ኢድ ዉግእ ብሓደ ኢድ ልምዓት፣ ብሓደ ኢድ ሕርሻ ብሓደ ኢድ ከተማ፣ ብሓደ ኢድ ግድብ ብሓደ ኢድ ኢንዱስትሪ እናገበርካ ኢትዮጵያ መቐያር ይካኣል ‘ዩ ዝብል ኣነን ናተይ ፓርቲን ኣብ ውግእ ኾይኑ እዚ ዝኣመሰለ ዝኹርዕ ፕሮጀክት እናሰርሐ ነይሩ። ጎርጎራ ትማሊ እንትሪኦ ዝተረደኣኒ ጎርጎራ ፊደል ‘ዩ፣ ጎርጎራ ድምፂ ‘ዩ፣ ጎርጎራ ምስሊ ‘ዩ። ጎርጎራ ፊደል ኾይኑ ማንም ዘየጥፍኦን ዘይድምስሶን ታሪኽ ፅሒፉ ‘ዩ። ጎርጎራ ድምፂ ኾይኑ ሕልምና ንህዝብና ድምፂ ክኸውን ኽኢሉ ‘ዩ። ንጎርጎራ ሪኡ ሕልምና ምግማት ዘይኽእል ኣይህሉን። ጎርጎራ ስእሊ ‘ዩ።

ሓሳብና ዘይተረደኡና ግልፅ ኣቢሉ ዘርኢ ‘ዩ። ጎርጎራ ታሪኽ ፅሒፉ ሕልሚ ፈቲሑ፣ ሓሳብና ገሊፁ ዘርኣየ ፕሮጀክት ቅድሚ ኸዚ እንትንዛረብ ራእይና እንትትንገልፅ ዘይተገንዘቡ፣ ዘይኣመኑና፣ ዘይተረዳኡና ኣሕዋትና ሎሚ ጎርጎራ ሪኦም ስራሕና ሪኦም ሓሳብና ምግንዛብ እንድሕር ዘይኽኢሎም ኸቢድ ‘ዩ ዝኾን። ቃልና ምስ ስራሕና ተመሳኺሩ ልብና ገሊፁ ዘርኣየ ፕሮጀክት ስለዝኾነ ዝፃዓርኩም ዝለፋዕኹም እንኳዕ ደስ በለኩም ክብል እፎቱ። በዚ ፕሮጀክት ቅድም ከምዝበልኽዎ ታሪኽን ወለዶን መስከርቲ ክኾኑ ‘ዮም። ንህዝብና ዘለና ሕልምን ድልየትን ጎርጎራ ንወለዶ ክገለፅ ‘ዩ። ኾይኑ ግና ናይ ብልፅግና ድልየትና ናይ ህዝብና ናብራ ንምቕያር ድልየትና ጎርጎራ ፕሮጀክት ብምስራሕ ጥራሕ ዝዛዘም ኣይኾነን። ኣብ ከተማ ባህርዳር ዝተፈላለየ ስራሕቲ እናሰራሕና ንርከብ፤ ፌደራል መንግስቲ ኣብ ከተማ ባህርዳር በዚ ልክዕ ኢንቨስት እናገበረሉ ዘሎ ዋና ምኽንያት ምልክዕቲ ከተማ ስለዝኾነት ብሕፅረት ኤርፖርት፣ ብሕፅረት መንገዲ፣ ብሕፅረት ሆቴላት፣ እዚ መልከዓ ከይተገለፀ ከይተርፍ ንምኽኣል ‘ዩ። ከምዚ ዝበለ ፕሮጀክት ድማ ኣብ ባህርዳር ጫፍ እናተሰርሐ ይርከብ። መንገዲ እንድሕር ሰሪሕና ምቹው መጓዓዝያ እንድሕር ሃልዩ ካብ ባህርዳር ናብዚ ንምምፃእ መርከብ እንድሕር ሃልይና ብቐሊሉ ቱሪስታት ናብዚ ስፍራ መፂኦም ናይዚ ስፍራ መልክዕ ምድናቕ ይኽእሉ ‘ዮም፡፡

ኣብ ቀረባ ኣብ ዝገበርናዮ ግምገማ ናይ መገጭ ፕሮጀክት ተወሳኺ ሸውዓተ ቢልየን ብር ስለዝሓተተ ህንፀቱ ጀሚሩ ‘ዩ። ካብ ኣዘዞ ክሳብ ኤርፖርት ዘሎ መንገዲ  ባዓል ስልጣን መንገዲ ፌደራል እናሰርሖ ይርከብ። እዚ እኹል ብዘይምኳኑ ቤተ መንግስቲ ፋሲል ድጋሚ ኣብ ቀረባ ስርሑ ጀሚሩ ‘ዩ። ቅድሚ ኸዚ ጎንደር እንትንመፅእ ናይ ፋሲል ፕሮጀክት እንትጅመር ተዘይቋረፅ ነይሩ ሎሚ ፋሲል ምስ ጎርጎራ ክምረቕ ነይሩ ‘ዩ። ኾይኑ ግና ልምዓት ብደንቢ ዘይተረድኡ ሰባት ተዓንቂፉ ፀኒሑ ኸዚ ህዝቡ ብዝሓተተና መሰረት ፋሲል ኣመልኪዕና ንምሃብ ጀሚርና ኢና። ኾይኑ ግና ፋሲል ኣብ ማእኸል ከተማ ዘሎ ብምኳኑ በይኑ ተነፂሉ ከም ጎርጎራ ምኳን ስለዘይኽእል ብፋሲል ግንቢ ተትሕፀር መልክዑ ስለዘይጎልህ ፒያሳ ምስ ፋሲል ኣተሓሒዝና ፕሮጀክት ኮሪደር ሎሚ ኣብ ጎንደር ተጀሚሩ ‘ዩ። ምንም ዕንቅፋት እንድሕር ዘይገጢምና እዚ ፕሮጀክት ሓደ ዓመት ብዘይመልእ ግዜ ክንዛዝሞ ኢና። እዚ ፕሮጀክት መላእ ህዝቢ ጎንደር ንክዛዝምዎ፣ ንክድግፉ፣ ኣብ ጎኒ ጠጠው ንክብሉን ንክሕልዉን ሓደራ ክብል ይፎቱ። ሓደ ግዜ እቲ ዕድል ኣምሊጡ ‘ዩ ንካልኣይ እዋን ንከየምልጥ ጥንቃቐ ምግባር ፅቡቕ ‘ዩ።

ንመላእ ህዝቢ ኣምሓራን ኣብዚ ዘለኹም ሓለፍቲ መንግስቲ ብደጋሚ ከገንዝብ ዝደልዮ ነገር ሃገር  ንወለዶ ምህናፅ እንትንደሊ ብጣዕሚ ኸበድቲ ዝኾኑ ውሳነታት ዝሓትት ‘ዩ። እዚኦም ውሳነታት ኣብቲ እዋን ተቐባልነት ንከይህልዎም ይኽእል ‘ዩ። መስካሪ ታሪኽ ፈራዲ ድማ ወለዶ ‘ዩ ዝኸውን። ልክዕ ከም ናትና ድኻ ሃገር ዝነበሮም ሃገር ዝሃነፁ ሰባት ዝሓለፍዎ መገዲ ከምዘርእዮ ጥንክር ዝበለ ዉሳነ ወሲኖም ንወለዶ ምልክዕቲ ሃገር ኣረኪቦም ምሕላፎም ‘ዩ። ንኣብነነት ሲንጋፖር እንተወሲድና መላእ ህዝቢ ሲንጋፖር እንግሊዘኛ ቋንቋ መረዳድኢ ክኾን ይግባእ፣ ትምህርትን ብሄራዊ ቋንቋን እንግሊዘኛ ክኾን ይግባእ ዝብል ውሳነ እንትውስን ዓብይ ፀገም ፈጢሩ። ናይ ባዕሉ ባህሊን ቋንቋን ዘለዎ ህዝቢ ስለዝኾነ ብኸመይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ንክንማሃር ንግደድ ዝብል ተቃዉሞ በፂሕዎም ነይሩ። እቶም ፕሬዝደንት ግና ንዓና ኣይጠቕመናን ንደቅና ግና ክጠቅም ‘ዩ ኸዚ እንድሕር ዘይጀሚርናዮ ፅቡቕ ኣይመፅእን ብዝብል ስረሑም ጀሚሮም። ኣብቲ እዋን ኸቢድን ኣወዛጋብን ነይሩ ሎሚ ግና ጠቒምዎም ‘ዩ። ካልኣይ ኸቢድ ስለዝኾነ ድማ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ባዓል ሞያ ሓይሊ እኹል ስለዘይነበረ  ካብ ወፃኢ ብቅዓት ዘለዎም ካብ ካልእ ሃገር ክነምፅእ ኢና ዝብል ውሳነ እንትውስኑ ንሕና ስራሕ ስኢና ደቅና ስራሕ ስኢኖም ኣብ እንችገረሉ ኣብዚ እዋን ከመይ ገይሩ ‘ዩ ካብ ወፃኢ ባዓል ሞያ ኣምፂእና ሃገር ክሃንፅ እየ ትብል ዝብል ዓብይ ተቃዉሞ በፂሕዎም ነይሩ። ንሶም ግና ልምዲ ዘለዎ ደቅና መፂኡ እንድሕር ዘየምሂሩ ሃገር ምህናፅን ምሽጋርን ኣይካኣልን ኢሎም ኣብቲ እዋን ኸቢድ ውሳነ ወሲኖም ነይሮም። እቶም ባዓል ሞያ መፂኦም ደቆም ኣምሂሮም ካብ ዝመፅሉ ሃገር ዝበለፀ ሃገር ሰሪሖም ኸይዶም።


ሳልሳይ ብጣዕሚ ኣከራኻሪ ዝነበረ ወሰኽ ደሞወዝ ‘ዩ ነይሩ። ኣብ ሲንጋፖር ሙስና ክህሉ ኣይግባእን፤ ሙስና ንምጥፋእ ሸሞኛታት ልዑል ደሞወዝ ክኽፈሎም ኣለዎ ዝብል ሓሳብ የልዕሉ፤ ንሕና ድኻ ኾይና ናይ ሃገር በጀት ኹሉ ብደመዎዝ ከባኽን ድዩ እዚ ዝኾን ኣይኽእልን ዝብል ዓብይ ተቃዉሞን ፅዕንቶን በፂሕዎም ነይሩ። ንሶም ግና እኹል ተኸፊሊ ሙስና ዝፅየፍ፣ እኹል ዝኽፈሎ ሹመኛ ንህዝቢ ዘገልግል እንድሕር ዘይፈጢርና ሃገር ምህናፅ ኣይንኽእልን ዝብል ውሳነ ወሲኖም። ሎሚ ሲንጋፖር ሙስና ብዙሕ ካብ ዘይረኣየን ሃገራት እታ ሓንቲ ‘ያ። ኾይኑ ግና ቀዳማይ ሚኒስትር ሲንጋፖር ብዓመት እንተይኾነስ ብወርሒ ዝኽፈሎም ደመዎዝ ኢትዮጵያ ውሽጢ ናይ ኹሎም ሚኒስትራት ደሞወዝ ተደሚሮም ናቶም ናይ ሓደ ወርሒ ደመዎዝ ኣይረኽቡን።  ከምዚ ዓይነት ጭካነ ዝተሞልኦ ውሳነ ፍረ እንተፍረየ ‘ውን ንወለዶ መሰረት እንተቕምጡ መጀመርያ ግን ምቸው ኣይኾነን፡፡

ናትና ኩነታት ‘ውን ከምዚ ‘ዩ። ንስራሕ መሰረት ነቕምጥ እንትንብል ሎሚ ኣከራኻሪ ፣ዘሰልቹ ከምዝኾነ ንግንዘብ ኢና። ኾይኑ ግና በዚ መንገዲ እንድሕር ዘይሓሊፍና ዝበልፀገት ኢትዮጵያ ንመፃኢ ወለዶ ምስጋር ስለዘይንኽእል ስለዝኾነ ድማ ሓደ ሓደ ውሳነታትንን ተግባራትና ሎሚ ግልፅ ኢሎም ተዘይተረድኡና ስራሕትና እናረኣኹም ተሓባባርትን ደገፍትን ንክትኾኑ ዘለናሉ ግዜ ዓብይ ሓላፍነት ምውሰድ፣ ጠንካራ ውሳነ ምውሳን፣ ብፃዕሪ ምስራሕ ዝሓትት ‘ዩ። እዚ እንድሕር ገይርና ዝበልፀገት ሃገር ክንፈጥር ኢና። ኢትዮጵያ ፈጣሪ ባሪኹ ዝፈጠራ ሃገር ‘ያ ከምዚ ዝተፈጠረት ሃገር እንትህበና ንህና ድማ ካብ ልመና ክነውፅኣ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ቁርፀኛን ተሓባበርትን ክኾን ይግባእ። ኣብ መወዳእታ ሚስጥር ዓወትና ተዛሪብና ናይ ምጅማርና ናይ ምዝዛምና ዋና ሚስጥር ፈጣሪ ምሳና ስለዝኾነ ‘ዩ።

ህዳሰ ሰሪሕና ኢና፤ ግሪን ሌጋሲ ኣሳኺዕና ኢና፤ ስርናይ ኣሳኺዕና ኢና፤ ከተማታት ኣሳኺዕና ኢና፤ ብቴክኖሎጂ ዘገርም ውፅኢት እናምፃእና ኢና፤ ዝጀመርናዮ ኹሉ ፍረ ኣፍሪዩ ንወለዶ ኹሉ መሰረት ንከቕምጥ እናገበረ ዘሎ ፈጣሪ ምሳና ስለዘሎ ‘ዩ። ንሱ ምሳና ክሳብ ዘሎ ክንሰርሕ ኢና ክንውደኦ ኢና።

ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ኸንቱ ሙከራታት ግና ስራሕ ካብ ምዕንቃፍ ሓሊፎም ውፅኢት ስለዘይምፅኡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ምንቃሕ፣ ምምሃር፣ ምስትውዓል ኣለዎ። ብዝተውሃበና ግዜ ወዲእና ንመፃኢ ወለዶ መሰረት ንክነቕምጥ ዕድል ብዝተውሃበና ዕድል ተሓባባሪ ምኳን እንድሕር ዘይኽኢሉ ከም ቅድሚ ኸዚ ግዜ ምብኻን ስለዝኾን ንፍጠን፣ንበርትዕ ፣ ንስራሕ ሰላም ኣብዚሕና ንድለይ ውፅኢት ንምምፃእ ደቅና ንሕና ብዝሓለፍናዮ ዘሕፍርን ዘሕዝንን መንገዲ ከይሓልፉ ታሪኽና ብሓድሽ ገፅ ንክንጅመር ናይ ኹለኹም ብርትዐን ሓገዝን ከይፍለየና እናበልኩ ፈጣሪ ብቡዙሕ ነገር ስለዘሳኸዐና እዚ ሃገር ዝበለፀ ኣመልኪዕና ንደቅና ንክነረክብ ስለዝሓገዘና ክብር ምስጋና ንኣምላኽና ይኹን ክብል ይፈቱ።

ከምዝበልናዮ ኣመልኪዕና ጎርጎራ ሎሚ ኣረኪብና ኢና፤ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ዘሎ ጉዳይ ናትኩም ጉዳይ ‘ዩ ዝኸውን። ድሕሪ ኸዚ ቱሪስታት ብምስሓብን ብምትእንጋድን ተጠቃሚ ንክትኾኑን ኢሉ ‘ውን ደቅኹም ተጠቃሚ ክትገብሩን ሓደራ ይብል የመስግን።»





# ዕዱም ጋሻ

## “ህዝቢ ትግራይ ከባቢኡ ንምሕዋይ ካብ ምስራሕ ዘበኾረሉ እዋን የለን”

-ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት



ኣብርሃ ሓጎስ

ትማሊ ፅቡቅ ኣብ ስራሕቲ ምሕዋይ ከባቢ ዝነብርና ኢና ሎሚ ”ውን ናብኡ ንክንምለስ ፅቡቅ ፃዕሪ እናገብና ንረክብ ኣለና። ነዚ ብዓብዩ ዝሰርሖ ዘሎ ድማ እቲ ህዝብና ”ዩ ነቲ ህዝቢ ዘተሓባብር ዘሎ ”ውን እቲ ታሕታዋይ ኣመራርሓ ”ዩ ። ስለዚ ሐዚ ”ውን ከምትማሊ እቲ ህዝቢ ተወዲቡ ኣብ ናይ ውልቂ ተኽላ ይኹን ኣብ ናይ ሓባር ተኽላ ውዒታዊ ስራሕ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ። ትማሊ ዘጥረዮ ድኒ ኣብዚ ፀገም እዋን ተጠቂሙሉ ‘ዩ። ሐዚ ኣብ ዝረሃወ እዋን ድማ ነቲ ተፈጥሮ ንምሕዋይ ክሰርሕ ኣለዎ። ናይ ቀፃሊ ሂወትና ክነውሕስ ሐዚ ብርሰት ክንከላከል ኣለና።

ነዚ ዝበሉ ዳይሬክተር ልምዓትን ኣጠቓቕማን ደኒ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣይተ ተስፋይ ተክለሃይማኖት ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ኣብ ትግራይ ዝገበር ዘሎ ንጥፈታታት ወፍሪ ሓምለዋይ ልምትን ካል ኦት ተዛመደቲ ዛዕባታት ከምስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና፤ ሰናይ ንባብ!

**ወጋሕታ:- ኣብዚ እዋን ኣብ ትግራይ ዘሎ ሽፋን ደኒን ዘሎዎ ኩነታትን እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ቅድም ክብል ከምዝፍለጥ ካብ ዝነበረና 3 ሚእታዊ ናብ 16.84 ሚእታዊ በፂሑ ነይሩ ‘ዩ። በቲ ዝተፈጠረ ኲናት ምኽንያት እዚ ሽፋን ደኒ ክጉዳእ ክኢሉ ‘ዩ። ማለት ‘ውን እቲ ኲናት ባዕሉ ጉድኣት ዘብፅሓሉ ኣሎ፤ ካሊእ ከአ በቲ ኲናት ዝተፈጠረ ፀገማት ተሸቲሉ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ካብ መረበቶም ዝተፈናቀሉ ወገናት ምስቲ ዝነብረ ዕፅዋን ክባን ‘ውን ተተሓሒዙ ንምግቢ መብሰሊኡ ይኹን ንዘለዎ ጉድለት ምግቢ ከማልእ ክብል፤ ኣግራብ እናቆረፀ ‘ዩ ሂወቱ ኣትሪፉ። እዚ ብሙኚኑ ኣብ ፅቡቅ እዋን ዘፍረዮ ሃፍቲ ሽፋን ደኒ ኣብ ሕማቅ እዋን ሂወቱ ከትርፈሉ ብምኽኣሉ ፅቡቕ ‘ዩ ዋላ እንተበልና፤ ይኹን እምበር እቲ ሽፋን ብጣዕሚ ዝተጎድ ኣሉ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ። ሓዚ ናይ ትግራይ ሽፋን ደኒ ቅድሚ እቲ ኲናት ካብ ዝነበሮ ሽፋን ደኒ 16.84 ሚእታዊ ሐዚ ኣብ ምንታይ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ እንትብሃል ኣብ ፅንዓት ዘሎ እንተኾነ ‘ውን ብጣዕሚ በቲ ኲናት ተጎዲኡ ከምዘሎ ‘ዩ። ማለት ‘ውን ብሰማይን ብመርየትን ብዝድርበይ ቁንብላታት ነዲዱ ‘ዩ። እቲ ሕብረተ ሰብ ‘ውን ናይ መግቢ ክፍተቱን መሰረታዊ ጠላባቱን ክምልእ ክብል ደኒ እናብረሰ ክንብር ዝተገደደሉ ኩነታት ‘ዩ ተፈጢሩ ነይሩ። ስለዚ እቲ ናይ ትግራይ ሽፋን ደኒ ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ከምዘሎ ‘ዩ እቲ ዘለና መረዳእታ ዝሕብር።

**ወጋሕታ:- ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝተረኽበ ኣውንታውን ኣሉታውን ተሞክሮ ትምህርቲ ክውሰዶም ዝኽእል እንታይ ነይሮም? ከመሑ ከዓ ዝሓለፉ ዓመታት ካብ ዝተተኽሉ ፈልስታት ክንደይ ዝኾኑ ፀዲቆም?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ኩሉ ከምዝፈልጦ እቲ ሕብረሰብ ከባቢኡ ኣብ ምሕዋይ ንነዊሕ ዓመታት ብዙሕ ስራሕቲ እናሰርሐ ዝመፅአ ‘ዩ። ኣብ ዕቀባ ሓመድን ማይን ጠልን ይሰርሕ። ፈልስታት ተኸላ ይተክል። ቀፂሉ ከኣ ምንክብካብ ይሽይድ ከምኡ እናበለ፤ ከባቢኡ ንምሕዋይ ካብ ምስራሕ ዝበኾረሉ እዋን የለን። እቲ ህዝቢ ኣብዚ ፅቡቅ ስራሕቲ ሰሪሑ ‘ዩ። እቲ ቅድም ኢልና ዝጠቀስናዮ ቁፅሪ ሽፋን ደኒ ዝነብረ ‘ውን በዚ ናይዚ ህዝቢ ፃዕሪ ዝመፅአ ፅቡቅ ውፅኢት ‘ዩ ነይሩ። ኣብ እዋን እቲ ኹናት ‘ውን እንተኾነ ኣብቲ ሓደ ኲናት እንትኻየድ ኣብቲ ኻሊእ ብዝረኸቦ ናይ ሰላም ኣገጣሚ ብምጥቃም ናይ ተኸላ ፈልሲ እናሰርሐ ዝኸደሉ ‘ዩ ነይሩ። ስለዚ ኣብ 2013፣ 2014ን 2015ን ዓ.ም ኩሉ ናይ ተኸላ ፈልሲ እናሰርሐ ‘ዩ መፂኡ ። ኣብዚ እዋን ብድምር ድማ ልዕሊ23 ሚልዮን ፈልሲ ኣፍሊሱ ካብዚ ልዕሊ 16 ሚልዮን ፈልሲ ወይ ካብቲ ዘፍለሶ 79 ሚእታዊ ዝተኸሎ እንትኾን፤ በቲ ሐዚ ዝረኸቦ ሃዋህው ሰላም ድማ ናይ ክንክን ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ ‘ዩ። ስለዚ ኣብ ቀዳማይ ፈልሲ ቆፀራና ናብ 77 ሚእታዊ ዝፀድቀ እንትኾን፤ ኣብ ናይ ካልኣይ ቆፀራና ድማ 68 ሚእታዊ ከምዝፀደቀ ‘ዩ እቲ መረዳእታ ዝሕብር። እዚ ድማ ሳላ እቲ ሕብረተሰብ ዝገብሮ ፃዕሪ ‘ዩ።

ድሕሪ እቲ ኩነታት ዘሎ ኣንፃራዊ ሰላም ‘ውን እቲ ዝነብረ ናይ ብርሰት ሓደጋታት ኣብ ዝኸፍአ ብርኪ ዝነበረሉ ኩነታት ስለዝነብረ፤ ካብ ላዕሊ ክልል ክሳብ ታሕቲ ጣብያታት ቁሸታትን ምስ ዘለው ኣመራርሓን ሕብርተሰብን እቲ ዘሎ ፀገም ዘቲናን ተረዳዲእናን እቲ ብርሰት ከይዱ ከይዱ ከም ህዝቢ ናብ ፀገም ዘእትወና ስለዝኾነ፤ ከመይ ገይርና ነዚ ብርሰት ደው ክነብሎ ከምዘለና ዘቲና ተረዳዲእና ስለዚ ትኽክል ‘ዩ ደን እንተጠፊኡ ክንጠፍእ ኢና ኢሉ፤ ናይ ቀፃሊ ሂወትና ክነውሕስ ሐዚ ብርሰት ክንከላከል ኣለና ብምባል፤ ኣብዚ መዳይ ልዕሊ 83900 ዝኸውን ህዝቢ ረኺብና ፅቡቅ ምርድዳእ ‘ውን ገይርና። ሐዚ ኣብዚ ፅቡቅ ለውጥታት ‘ውን እናተረአይሉ ዘሎ ኩነታት ‘ዩ ዘሉ።

ኣብዚ እዋን እቲ ሕብረሰብ ካብቲ ዝሓለፈ ፀገማት ወፂኡ ብዝተረጋግአ ኩንታት ሎሚ ‘ውን ከምቲ ናይ ትማሊ ተጠናኺሩ ክቅፅል ኣለዎ። ብውልቀን ብሓባርን ኣብ ዝግበር ናይ ምሕላውን ምልማዕን ስራሕቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። እዚ ድማ ሓደ ካብ ዝረኸብናዮ ፅቡቅ ነገር ተበግሶ እቲ ሕብረተሰብ ‘ዩ። ዝሓለፈ ኣብ ፀገም ኣብ ስቃይ ኣብ መከራ ኢና ነይርና ይኹን እምበር ብተበግሶ ሕብረተሰብ እዞም ዝረኸበናዮም ውፂትን ትምህርትን ረኺብና ኢና።

**ወጋሕታ:- ነዚ ሐዚ ዘሎ ውፍሪ ሓምላዋይ ልምዓት እንታይ ምድላዋት እናተገብሩ ፀኑሖም? ሐዚ ዘሎ ወፍሪ ተኽላ ፈልስታት እንታይ ተሰሪሖም እንታይ ተሪፎም?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ኣብዚ ዓመት ልዕሊ 58ሚልንን558 ሽሕን 241ን ፈልሲ ክነፍልስ ኢልና ተሊምና እናሰራሕና ነይርና፤ ይኹን እምበር ከምቲ ዝፍለጥ ጣብያታት ፈልስታትና ዓንየንን ውሽጣዊ ናውታተን ተጓሒለንን ‘የን። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ብዝተረፈናን ብዝረኸብናዮን ዓቅሚን ናብ አ33ሚልየንን 207ሽሕን 433ን ፈልሲ ተዳልዩ፤ ነዚ ዝኸውን ናይ ቅድመ ኩነት ስራሕቲ ‘ውን ተዛዚሞም፤ ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መሓውርና ‘ውን ስልጠናን ኦሬንተሽንን ተዋሂቡ፤ ንሱ ‘ውን ብደረጅኡ ነቲ ናይ ጣብያታት ኣመራርሓን ሰራሕተኛን ስልጠናንን ኦሬንቴሽንን ሂቡ፤ ብሓፈሻ ክውሰድ ዝግብኦ ጥንቃቀ ብዝምልከት ሰፊሕ ምንቅናቅ ተገይሩ ናይ ጉድጓድ ኳዕትን ጠሊ ምዕቃብን ተኻይዱ ሐዚ ዝናብ ዘለዎም ከባቢታት ተኸላ ጀሚርና ኣለና። ክሳብ ሐዚ ዝተተኸሉ ፈልስታት ድማ ልዕሊ 8ሚልየንን 636ሽሕን 933ን ፈልሲ ማለት ‘ውን ካብቲ ንክትከል ዝተዳለወ ፈልሲ 26 ሚእታዊ ክሳብ ሐዚ ተተኺሉ ኣሎ።

ሐዚ ‘ውን እቲ ናይ ተኸላ ክኢላ ናብ ታሕቲ ወሪዱ እናተኸታተለን ድጋፍ እናሃበ ‘ዩ ዝርከብ ዘሎ። እቲ ስራሕቲ ብኸምዚ ‘ዩ ዝቅፅል ዘሎ።

**ወጋሕታ:- ብሓፈሻ ኣብዚ ዓመት ንክትከሉ ዝተዳለው ዓይነታት ፈልሲ እንታይ እንታይ ”ዮም?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ካብ ክትከሉ ተዳልዮም ዘለው ዓይነታት ፈልስታት ፍራምረ፣ ንቀለብ እንስሳት፣ ናይ ጥሙር ሕርሻን ዝበሉ ከም ኣርቃይ ዝበሉን ካልኦትን ኣዳሊና ኣለና። ኣብ ከተማታት ‘ውን መጠን ዋዕይ ንምቅናስ ዝሕግዙ ተኽልታት ኣዳሊና ኣለና። ስለዚ እቶም ናይ ተኸላ ስራሕቲ ብኸምዚ ኸፋፊልና ኢና ተዳሊና ዘለና።

**ወጋሕታ:- ምስ ኣብ ቢሮኹም ዘለው ክፍልታትን መዳርግቲ ኣካላትን ተቀናጅኻን ተዋዲድኻን ኣብ ምስራሕ እንታይ ይመስል?ሓደ ሓደ ግዘ ሓበሬታት ኣብ ዝወሃበሉ እዋን ዝተፈላለዩ ቁፅርታት ዝወፅእሉ ኩነታት ኣለው ንምንታይ ከምኡ ኾይኑ?**

> **ትማሊ ዘጥረዮ ድኒ ኣብዚ ፀገም እዋን ተጠቂሙሉ ‘ዩ። ሐዚ ኣብ ዝረሃወ እዋን ድማ ነቲ ተፈጥሮ ንምሕዋይ ክሰርሕ ኣለዎ**

**ኣይተ ተስፋይ:-** እቲ ቁፅሪ ምፍልላይ ብዝምልከት ‘ቶም ሚድያታት ሓበሬታ ክወስዱ ዘለዎም ካብ ዝምልከቶ ትኽክለኛ ኣካል ‘ዩ። ምስ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ምስራሕ ግና ኺይድና ኺይድና ዕላማና ሓደ ‘ዩ። ኣብቲ ከባቢ፣ ኣብቲ ሕብረተሰብን ኣብቲ ሃገርን ለውጢ ምምፃእ ‘ዩ ዕላማና። ብፍላይ ኣብዚ እዋን ገጢሙና ዘሎ ኩነታት ለውጢ ነባሪ ኣየር ኣብ ተፈጥሮ ትኹረት ተገይሩ እንተዘይተሰሪሑ ደን እንተዘይተተኺሉ ሂወት ‘ውን ክቅፅል ስለ ዘይኽእል ነዚ ኩሉ ሓጋዚ ኮይኑ ክርከብ ዘለዎ። ነኣብነት ከም ቢሮ እንተወሲድና ሕድ ሕድ ስራሕቲ እናተገምገመ ነዚ ዘድልዩ ዝተፈላለዩ ናይ ሎጅስቲካት ምውዳድ እናተገብረ፤ ኣብዚ ዘፈር ዝሰርሓ ብሮጀክታትን ፕሮግራማትን ዘለዋ ንክሕግዛ ምርድዳእ እናተገበረ ካብ ሓይሊ ሰብ ክሳብ ሎጅስቲክ መካይን ናይ ምሕጋዝ ኩነታት ‘ዩ ዘሎ። ስለዚ እቲ ተዋዲድካ ምኻድ ፅቡቅ ‘ዩ ቀደሙ ‘ውን ናይ ምውዳድ ፀገም ኣይነብረናን ሐዚ ‘ውን ነዚ ገጢሙና ዘሎ ፀገም ነኒበይንኻ ከይድካ ክፍታሕ ከምዘይክኣል ስለ እንርዳእ ኩሉ በቢዝምልከቶ ምርድዳእን ምትሕግጋዝን እናተገብረ ‘ዩ ዝስራሕ ዘሎ። እዚ ተዘይህልው ነይሩ ሐዚ ነዚ ፈልሲ ክነፍልሰሉ እንኽለሉ ዕድል ኣይመነበረናን ነይሩ። ምኽንያቱ እተን ዝነበራና ትካላት ዓንየን እየን። ስለዚ እዚ ኹሉ ተሰሪሑ ዘሎ ገበርቲ ሰናይ ብዝገብሩልና ሓገዝ ‘ዩ። ስለዚ እቲ ዝገብሩልና ሓገዝ ኣጠናኺሮም ክቅፅሉ ይግባእ።

**ወጋሕታ:- እቲ ተኽላ ዝካየደሉ ዘሎ ከባቢታት ብቀፃልነት ንክሕለውን ንክሓውን ከምኡ ”ውን ናይቲ ከባቢ ማሕበረሰብ ”ውን ተረባሒ ዝኾነሉ ዕድላት ዝፍጠረሉ ኩነታት ኣሎዶ?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** እዚ ሐዚ እንሰርሖ ዘለና ኣብ ናይ ማሕበረሰብ መፋስስቲ ‘ዩ። ኣብዚ ብውልቀ ዝተኸሉ ኣለው ብማሕበር ተወዲቦም ዝተኸሉ ኣለው እዮም። ኣንሕና ብቀዳምነት ንናይ ውልቀ ኢና ነብረታትዕ ቀፂልና ድማ ብማሕበር ተወዲቦም ኣልሚዖም ሸይጦም ንክጥቀሙ መናእሰይ ነብረታትዕ ከምኡ እናበልና ኢና ንኸይድ። ን ኣብነት ኣብ ምፍላስ ኣትኽልቲ ኣብ36 ማሕበራት ዝተወደቡ 360 መናእሰይ ፈልሲ ኣፍሊሶም ንክሸጡ ዕድል ተዋሂብዎም ኣሎ። ንክበራትዑ ኣብ

“ህዝቢ ትግራይ ... ገፅ 6

# “ህዝቢ ትግራይ ከባቢኡ ንምሕዋይ. . .

ምግባር ኢና ዘለና።

እዚ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕቲ እቲ ህዝቢ ዋንነት ተሰሚዕዎ ብቀፃልነት ክሕልዎ ክከታተሎ ምርዳእ ይግበር ‘ዩ። ካልኣይ ካብ ጋህዒ እንስሳትን ነፃ ንክኸውን ምርዳእ ተገይሩ ‘ዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ናይ ቅድመ ኩነት ስራሕቲ ተወጊኖም ‘ዮም። ናብ ስራሕ ‘ኣቲና ዘለና። እቲ ሓረስታይ ፅባሕ ናብ ፃህያዩ ምእንቲ ክኸይድ እኹል ዝናብ ኣብ ዘለሉ ከባቢታት ተረባሪብና ተኸላ ክንውድእ ንሰርሕ ኣለና ኢና።

**ወጋሕታ:- ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ክስዓል ዝግባእ ዘይተልዓለ ሓሳብ መልኽቲ እንተሃልዩ ዕድል ክህቦም?**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ዘለኒ መልእኽቲ እቲ ካብ ሰናይ ሓጋዩ እናፀዓርና እናደኸምና እቲ ስራሕቲ ፈልሲ ናብዚ ኣብፂሕናዮ ኣለና። ከምዝፍለጥ ትማሊ ፅቡቅ ኣብ ስራሕቲ ምሕዋይ ከባቢ ዝነብርና ኢና ሎሚ ‘ውን ናብኡ ንክንምለስ ፅቡቅ ፃዕሪ እናገብርና ንረክብ ኣለና ኢና። ነዚ ብዓብዩ ዝሰርሖ ዘሎ ድማ እቲ ህዝብና ‘ዩ ነቲ ህዝቢ ዘተሓባብር ዘሎ ‘ውን እቲ ታሕታዋይ ኣመራርሓ ‘ዩ ። ስለዚ ሐዚ ‘ውን ከምትማሊ እቲ ህዝቢ ተወዲቡ ኣብ ናይ ውልቂ ተኸላ ይኹን ኣብ ናይ ሓባር ተኸላ ውፂታዊ ስራሕ ክሰርሕ ክኽእል ኣለዎ። ትማሊ ዘጥረዮ ድኒ ኣብዚ ፀገም እዋን ተጠቂሙሉ ‘ዩ። ሐዚ ኣብ ዝረሃወ እዋን ድማ ነቲ ተፈጥሮ ንምሕዋይ ክሰርሕ ኣለዎ። ህዝቢ ኣብዚ ዓይኑ ከይሓሰየ ክረባረብን ከባቢኡ ከለምዕን ንባዕሉ ‘ውን ክርባሕን ጋሕፅታት መሬት ‘ውን ንክከላኸል ብርስት ‘ውን ንክከላኸል ክንቀሳቀስ ኣለዎ። እቲ ኣመራርሓን ኣብዚ ክመርሕ፤ እቲ በዓል ሞያን ውን ነዚ ክረድእ እቲ ህዝብና ውን ኣብዚ ብፅቡቅ ክዋሳእ ኢና ንደሊ። ሚድያታት እትገብርዎ ዘለኩም ፃዕሪ እናነኣድና ከብዚ ብዝለዓለ ኣበርቲዕኹም ዝያዳ ህዝቢ ክተንቅሑን ምንቅስቃስ ልምዓት ንክትገብሩ በዚ ኣጋጣሚ ክላቦ ይደሊ።

**ወጋሕታ:- ክቡር ግዜኦም ሰዊኦም ንዝሃቡኒ ሓበሬታን ሓሳባትን የቐንየለይ ።**

**ኣይተ ተስፋይ:-** ኣነ ‘ውን የቐንየልይ።

# ብልዕሊ 3.6 ሚልዮን ብር በጀት ፅገና ዝርገሐ መስመር ማይ ከተማ ዓብይ ዓድን የጭላን ተዛዚሙ

**መኣርግ ገ/ሄር**



ኣዲስ ኣበባ፡- ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ካብ ትካል መድሕን ህፃናት ዩኒሴፍ ብዝተረኸበ ልዕሊ 3.6 ሚልዮን ብር በጀት ኣብ ከተማ ዓብይ ዓድን የጭላን ብሰንኪ ኩናት ጉድኣት በፂሕዎ ዝነበረ መስመር ማይ ስራሕቲ ፅገና ተዛዚሙ 09 ሓምለ 2016 ዓ/ም ርኽክብ ሳይት ከምዝተኻየደ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ሓቢሩ።

ኣባል ኮሚቴ ርኽክብን ተቖፃፃሪ እቲ ፅገና ዝተገበረ ሲስተምን ኢንጅነር ዕፃይ ዳርጎ ከምዝገለፆዎ እቲ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ተፀጊኑ ናብ ግልጋሎት ዝወዓለ ኾይኑ ኣብ ከተማ የጭላ ጣብያ ድርኮ ዝርከብ ቦርሆል 53.6 ሜትሮ መከላኸሊ ውሕጅን 5 ዓምድታት 60 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ መሰጋገሪ ቱቦን ፤ኣብ ከተማ ዓብይ ዓዲ ድማ 520 ሜትሮ ዝርገሐ መስመርን ካብ ፒቢሲ ናብ ኤችዲፒኢ ቱቦ ሲስተም ዝርገሐ መስመርን ብምቕያር ኣብ ሰከንድ 5 ሊትሮ ዝባኽን ዝነበረ ማይ ወይ ድማ ናይ ሓደ ጉድጓድ ማይ ወፃኢ ክድሕን ከምዝተገበረ ኣረዲኦም።

ኣብቲ እዋን ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፈሳስን ከተማ የጭላ ኣይተ ደስታ መንግስቱ ብሰንኪ ኩናት ዓንዩ ዝነበረ ሲስተም ማይ ከተማ የጭላ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ምስ ዩኒሴፍ ብምትሕብባር ክፅገን ብምግባር ህዝቢ የጭላ ዝሐሸ ኣገልግሎት ማይ ክረክብ ብምኽኣሉ ካብ ልቢ ነመስግን ድሕሪ ምባል፤ይኹንምበር እቲ ቤት ፅሕፈት ብምዕናዉ ካብ ግልጋሎት ወፃኢ ኾይኑ ከምዝርከብ፤ምቁርራፅ መብራህቲ ስለዘሎ ህዝቢ ማይ ክሰቲ ከምዘይከኣለን ብሓፈሻ ብርክት ዝበሉ ፀገማት ብምህላዎም ብቐፃሊ ትኹረት ክግበረሎም ፀዊዖም።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይን ፈሳስን ከተማ ዓብይ ዓዲ መ/ር ታደለ እምሩ ብግዲኦም እቲ ብቢሮ ማይን ኢነርጅን ዩኒሴፍን ብምትሕብባር ዝተሰርሐልና ስታንዳርዱ ዝሓለወ ዝርገሐ መስመር እናመስገና እቲ ሐዚ ዘሎ ቀረብ መስተ ማይ ከተማ ዓብይ ዓዲ ምስቲ ነባሪ በዝሒ ህዝብን ተመዛባልን ዘይምጥን ስለዝኾነ እተን ዝነበራ ጎዳጉዲ መጠነን ብምቕናሰን ንቐፃሊ ዘላቒ መፍትሒ ክሕሰበሉ ይግባእ ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ኣብቲ ርኽክብ ኮሚቴ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ፤ ተወከልቲ ምምሕዳርን ቤት ምኽርን ፤ኣመራርሓን ኪኢላታትን ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ እተን ከተማታት ፤ ተጠቀምቲ ማሕበረ ሰብን ካልኦት ዝምልከቶምን ከምዝተረኸቡ ኮሙዩኒኬተር ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ሓቢሩ።

# ‹‹ ሃገር ዝህነፅ ፈተናታት. . .

ገሊፆም።

ሃገር ንምፅናዕ፣ ንምፅናሕን ኣወቒብካ ናብ ወለዶ ንምስግጋርን ዝሰርሑን ዝተግሁን ኣእዳው እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ ናብ ጎርጎራ ብምምልላሰይ ክርእይ ኽኢለ ‘ውን ኢሎም።

እቲ ፕሮጀክት ተጀሚሩ ክሳብ ዝዛዘም 17 ግዜ ከምዝተመላለሱ ብምግላፅ፤ ኣብዚ ምልልስ ውሽጢ ጎርጎራ ካበይ ተላዒላ ከመይ ከምዝዓበየት ንምርኣይ ዕድል ምርካቦም ኣብሪሆም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ጎርጎራ ፈደል ኾይኑ ማንም ክስርዞ ዘይኽእል ታሪኽ ከምዝፀሓፈ ብምዝራብ፤ ኣብዚ ፕሮጀክት ታሪኽን ወለዶን መስከርቲ ከምዝኾኑ ተዛሪቦም።

ሕልሚ ብልፅግናናን ህይወት ህዝብና ናይ ምልዋጥ ድልየትናን ፕሮጀክቶች ጎርጎራ ብምስራሕ ጥራሕ ዝስራሕ ኣይኾውንን ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ጎርጎራ ናይ ትራንስፖርት መባፅሒታት ከምዘድልዩዎ ተዛሪቦም። ነዚ ‘ውን ግልጋሎት ትራንስፖርት ባሕሪ ዝህባ ኽልተ ዓበይቲ መርከባት ከምዝተገዝኣ ኣብሪሆም።

እዘን መርከባት ኣብ መንጎ ጎርጎራን ባህርዳርን ንዘሎ ስራሕቲ ትራንስፖርት ናይ ምስላጥ ስራሕቲ ዝሰርሓ ከምዝኾና ብምሕባር፤ ብተወሳኺ ‘ውን ኣብ ባህርዳር ብመንግስቲ ፌደራል እናተሰርሐ ዝርከብን ካብ ዓለም ለኸ መዕርፎ ነፈርቲ ቦሌ ቐፂሉ ኣብ ኢትዮጵያ ነቲ ዓብዩን ዘመናዊን ተርሚናል እናሃነፀ ከምዝርከብ ጠቒሶም።

እዚኣቶም መማረፅታት ትራንስፖርትን ተወሳኺ ሆቴላትን እንተሃልዮም ንባህርዳር ኾነ ንጎርጎራ ብቐሊሉ መባፅሒ ቱሪስት ቦታ ምግባር ከምዝከኣል ኣብሪሆም።

ንፒያሳ ጎንደር ሓዊሱ መስሕብነት ቱሪስት ህንፃ ሲል ንምዕባይ ልምዓት ኮሪደር ኣብቲ ዕለት ከምዝጀመሩ ዘልዐሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ እቶም ቦታታት ደረጅኦም ብዝሓለወ መልክዑ ከምዝስርሑ ‘ውን ብምግላፅ፤ እቶም ፕሮጀክትታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ከምዝዛዘም ተዛሪቦም።

ብተወሳኺ ቤት ፅሕፈት ቐዳማይ ሚኒስቴር ከምዝገለፆ፤ “መኣዲ ንሃገር” መባፅሕታት ቱሪዝም ብምልማዕን ኣብ ከባቢኦም ንዝርከቡ ፍሉያት ተፈጥሮኣዊ ሃፍትታት ኣጉሊሆም ክረኣዩ ኣብ ምግባር መዳይ ዝለዓለ ኣበርክቶ ኣመዝጊቦም ‘ዮም፡፡

እዞም ፃዕርታት ንዘላቕነትን ንሓለዋ ከባቢን ቐዳምነት ብምሃብ ንቱሪዝም ንምዕባይ፣ ስራሕ ንምፍጣርን ብርኪ መነባብሮ ኣብ ዙርይኡ ዝርከቡ ክፋላት ማሕበረሰብ ንምዕባይን ዝዓለሙ ከምዝኾኑ ገሊፁ፡፡

ቱሪዝም ብብርኪ ዓለም ለኸ ዝለዓለ ኣታዊ ሽርፊ ወፃኢ ክርከብ ብምግባርን ብሚሊዮን ዝቑፀሩ ስራሕቲ ብምድጋፍ ኣብ ኢኮኖሚ ዓለም ውሽጢ ወሳኒ ተራ ከምዝፃወት ብምግላፅ፤ ንሓፈሻዊ ሃገራዊ ፍርያት (GDP) ኣብ ዝገብሮ ቐጥታዊ ኣበርክቶ ‘ውን ፅቡቕ ኢኮኖሚያዊ ፅዕንቶ ጎሊሁ ይረኣይ ኢሉ።

ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ‘ውን ቱሪዝም መንግስቲ ንዘጀመሮ ፕሮግራም ሃገር በቆል መመሓየሺ ኢኮኖሚ እምነ ኩርናዕ እንትኸውን ካብቶም ሓሙሽተ ቑልፊ ዓምድታት እቲ ሓደ ምዃኑ ብምግላፅ፤ ‘

ከም “መኣዲ ንሃገር” ዝበሉ ስራሕቲ ዘፈር ቱሪዝም ንምምዕባል፣ ብዙሓት ዑደተኛታት ንምስሓብ፣ ኢኮ ዕብየት ንምንቕቓሕ፣ ዕድላት ስራሕ ንምፍጣር፣ መባፅሕታት ንምልማዕን ንምምሕያሽን ተዓሊሙ ኣብ ስራሕ እናወዓሉ ከምዝርከቡ እቲ ቤት ፅሕፈት ገሊፁ።

# ኣብ 10 ክልላት ምፍላይን. . .

ኮሚሽነራት ምደባ ብምክያድ ብሓደ ግዜ ኣብ ኣርባዕተ ክልላት ስራሕቲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ከምዝስራሕ ብምግላፅ፤ ኹነታት ኽረምቲ እንተዘየፀጊሙ ክሳብ 30 ነሓሰ 2016 ዓ.ም ኣብ መብዛሕቲኦም ክልላት ኣጀንዳ ናይ ምትእኽኻብ ስራሕ ከምዝዛዘም ኣመላኺቶም።

ኣብ ክልል ዓፋር ኣብዚ እዋን ሙቐት እናበርትዐ ዝኸደሉ እዋን ምዃኑ ዝተዛረቡ እቶም ኣካቢ፤ እቲ ሙቐት እናነከየ እንትመፅእ ኣብ ዝቕፅል ዓመት መወዳእታ ወርሒ መስከረም ከባቢ እቲ ኽይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ንምክያድ ከምዝተሓሰበ ኣረዲኦም።

ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ብዝተገበረ ኽይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ሓደ ሓደ ኽፍተታት ምንባሮም ብምዝኽኻር፤ እታ ከተማ ሰፋሕ ምስ ምዃና ዝነበረ ግዜ ‘ውን ሓፂር ስለዝነበረ ፃውዒት ተሳታፋይ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ኽፍተታት ከምዝተዓዘቡ ኣልዒሎም።

በዚ ‘ውን ንሃይማኖታዊ ትካላት ምሉእ ብምሉእ ናብቲ ምኽክር ኣብ ናይ ምምፃእ ኽይድን ውሩያት ሰባት ናብቲ ኣኼባ ኣብ ናይ ምቕራብ ኽይዲ ብዝተወሰነ ኽፍተታት ከምዝነበሩ ዝገለፁ እቶም ፕሮፌሰር፤ ዝተፈጠሩ ኽፍተታት ማሕበረሰብ ንኽርዳእን ኣብ ቐፃሊ ንምስትኽኻል ፃዕሪ ከምዝግበርን ሓቢሮም።

ኣብ ቐፃሊ ኣብ ክልላት ኣብ ዝግበር ኽይዲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ካብቲ ዝሓለፈ ትምህርቲ ብምውሳድ ዝሓሸ ነገር ክህልው ትፅቢት ከምዝግበር ተዛሪቦም።

እቶም ዋና ኣካቢ ከምዝተዛረብዎ፤ ምፍላይን መረፃን ተሳተፍቲ ኣብ 10 ክልላት ዝተዛዘመ እንትኸውን፤ ኣብ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ዝተረፉ ስራሕቲ ምህላዎም ኣመላኺቶም።

ብተወሳኺ ኣብ ክልል ሶማሌ ምፍላይን መረፃን ተሳተፍቲ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ኣብ ኽልተ ዞባታት ብዘጋጠመ ፀገም ጥዕና ምኽንያት ፀገም ከምዝተፈጠረ ሓቢሮም፤ ኣብዚ ሕዚ ኮሚሽነርን ሰብሞያን ተላኢኾም ተሳተፍቲ እናፈለዩ ምዃኖም ኣፍሊጦም።

ኣብ ክልል ኣምሓራ ብዝተወሰነ መልክዑ ስልጠና ተሓባበርቲ ከምዝተውሃበ ዝተዛረቡ ፕሮፌሰር መስፍን፤ ኣብ ምዕራብ ኢትዮጵያ፣ ምዕራብ ኦሮሚያን ኣምሓራን ክልላት ኣብ ዕጥቃዊ ቓልሲ ንዝርከቡ ኣካላት ፃውዒት ሰላም እናቐረበ እዩ ክብሉ ገሊፆም።

ኣብ ክልል ትግራይ ምፍላይ ተሳተፍቲ ንምግባር ኹነታት ናይ ምምችቻው ስራሕ እናተሰርሐ ምዃኑ ዝተዛረቡ እቶም ዋና ኣካቢ፤ ኣብ ዝኾነ እዋን እቲ ክልል ፃውዒት ኣብ ዘቕርበሉ እዋን እቲ ስራሕ ከምዝዛዘም ኣረዲኦም።

ፕሮፌሰር መስፍን ከምዘመላኸትዎ፤ እቲ ኮሚሽን ዝሰርሖም ስራሕቲ ንምዝዛም ትሽዓተ ይተርፉዎ። ዝተረፉ ስራሕቲ ብውፅኢታውነት ንምክያድ ፃዕሪ እናተገበረ ‘ዩ።

# መስጊድ ኣልነጃሺ ኣብ. . .

ዝኾነ ሓይሊ የለን” ዝበሉ እቶም ሓላፊ ብፀቢብ ዕድልን ብረዚን ቃልስን እንነብር ህዝቢ ስለዝኾና ሎሚ ‘ውን ከም ትማሊ ሓድነትና ኣጠናኺርና መስጊድ ኣልነጃሺ ኣብ ዩኔስኮ ንምምዝጋብ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ሓንቲ ሓንቲ ኩረት ክንድርቢ ይግባእ ክብሉ ገሊፆም፡፡

መስጊድ ኣልነጃሺ ኣብ ዩኔስኮ ንኽምዝገብ ዛጊድ ዝተሰርሐ ነገር እንተዘይሃለወ ‘ውን ብቐፃሊ ኣብ ትግራይ ዘለው ታሪኻዊ ቦታታት ከም መስጊድ ኣልነጃሺን ካልኦት ዝዓነዉ መስሕብ በፀሓቲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ክኾኑ ዝኽእሉ ታሪኻዊ ቦታታት ዳግም ብምህናፅ ቅርስታትና ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰግርሉ ኩነታት ንኽፍጠር ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ቀዳምነት ሂቡ ከምዝሰርሕ ኣፍሊጦም፡፡

ፕሬዚዳንት ሓፈሻዊ ጉዳያት እስልምና ትግራይ ሸኽ ኣደም ዓብደልቃድር ብወገኖም “ኣብ ሰዓብቲ ሃይማኖት እምነት እስልምና ይኹን ክርስትና ዘለው ቅርስታት ናይቲ ሓደ ወይ ናይቲ ኻሊእ ጥራሕ ዘይኮኑስ ብሓፈሻ ቅርስታት ትግራይ ከምዝኾኑን ነዚ ድማ ታሪኽን መንነትን ህዝቢ ትግራይ ምዃኖም ክንርዳእ ይግባእ” ድሕሪ ብባል፤ ካብዚ ተበጊስና ብኲናት ዝዓነወ መስጊድ ኣልነጃሺ ዳግም ክህነፅን ኣብ ዩኒስኮ ንኽምዝገብን ሓቢርና ንክሰርሕ ይግባእ ክብሉ ሓቢሮም፡፡

ዋና ፀሓፊ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ትግራይ ሓጂ መሓመድ ካሕሳይ ብወገኖም ትልሚ ፕሮጀክት ባዶ ባዶ ኣልነጃሺ ክዕወት ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ሓድነትና ምስጣም ከም ዘድልን ብመሰረት እዚ ልዕልነት ትግራይ ከረጋግፅ ዝኽእለሉ ኣብ እምነታት እስልምና ይኹን ክርስትና ዘለው ዓበይቲ መስሕባት በፃሕቲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ክንጥቐመሉም ይግባእ ኢሎም፡፡

ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያ- መንደር ባዶ ባዶ ኣልነጃሺ ንምልማዕ ብፅሑፍ ካብ ዝሓዞም ከባቢታት ኢትዮጵያ ቁፅሪ ሓደ ኣልነጃሺ እንተቐመጠ ‘ውን ካብ ብፅሑፍ ዝዘለለ ዛጊድ ብተግባር ዝተርኣየ ነገር ከምዘየለን ዝሓበሩ ሓጂ መሓመድ ካሕሳይ ብቐዳምነት ታሪኹን መንነቱን ክፍለጥ ዝግባእ በዓል ዋና እቲ ታሪኽ ስለዝኾነ ካብ ዝሓለፈ ተሞክሮ ብምውሳድ ኣልነጃሺ ንምልማዕን ኣብ ዩኒስኮ ንኽምዝገብን ዓርስና ክንፅዕር ኣለና ክብሉ ኣረዲኦም፡፡

ኣብ መወዳእታ “መስጊድ ኣልነጃሺ እምነት እስልምና ካብ ምጥፋእ ሓደጋ ዘድሓነን መንፈስ ምክእኣል ዘቐፀለን እዩ” ዝብሉ ኣቦ መንበር ተበግሶ ዳግመ ህንፀትን ልምዓትን ኣልነጃሺ (ኣርዲ) ዶክተር ኣብራር ፍትዊ “መስጊድ ኣልነጃሺ ማእኸል ፍትሒ፣ ብብርኪ ዓለም መዕቖቢ ፍትሒ ዝሰኣኑ ወገናትን መርኣያ ምቅባል ጋሻን እንተኾነ ‘ውን ነዚ ፍልፍል እቶት ክኸውን ኣብ ምግባር ዛጊድ ተረባሕቲ ኣይኮናን” ክብሉ ገሊፆም፡፡

ኣብቲ ዕለት መስጊድ ኣልነጃሺ ኣብ ዩኒስኮ ንምምዝጋብ ዘለውዎ ፀጋታትን ክስርሑ ኣብ ዘለዎ ጉዳያትን ብዝምልከት ካብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ብዝመፁ ምሁራት ዝተዳለው ኣርባዕተ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ቀሪቦም ‘ዮም፡፡

# ኣብ ዝቕፅሉ ማዓልቲታት ሃንደበታዊ ዉሑጅን ምምላእ ሩባታትን ክህሉ ስለዝኽእል ኣድላይ ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ሃገርና ኣብ ዝቕፅሉ ዓሰርተ መዓልትታት ኣብ ሓደ ሓደ ወሓዝቲ ሩባታት ክህሉ ካብ ዝኽእል ዛሕሊ ኩነታት ተተሓሒዙ ሃንደበታዊ ዉሕጅ ወይ ምምላእ ሩባታት ክህሉ ስለዝኽእል ኣድላይ ጥንቃቐ ንክግበር ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣተሓሳሲቡ፡፡

ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ንትፕኢ ኣብ ዝላኣኾ መግለፂ፤ ኣብ ቀፃሊ ዓሰርተ መዓልትታት ኣብዝሓ ኣብ ኣባይ፣ ተከዘ፣ ኣዋሽ፣ ባሮኣኮቦ፣ ላዕለዋይን ማእኸላይን ኦሞጊቤ፣ ዓፋር ደናክል፣ ሸምጢ ሸለቆን ናይ ገናሌ ዳዋ ተፋሰስቲ ካብ መጠነኛ ክሳብ ልዑል ዛሕሊ ኩነታት ክህሉ 'ዩ፡፡

በዚ ድማ ኣብ ሓደ ሓደ ተፋሰሳት ክህሉ ካብ ዝኽእል ልዑል ዛሕሊ ተተሓሒዙ ሃንደበታዊ ዉሕጅን ምምላእ ገረብን ከጋጥም ስለዝኽእል ኣድላይ ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ ኢሉ እቲ መግለፂ፡፡

ንዉሕጅ ተጋለፅቲ ዝኾኑ ከተማ ኾነ ናይ ገጠር ኸባቢታት ኣብ ህይወት፣ ንብረት ኾነ ኣብ መሰረተ ልምዓት ጉድኣት ንከየብፅሕ ናይ ዉሑጅ መፍሰሲ ቦታታት ምፅራይ ይግባእ ዝበለ እቲ መግለፂ፤ ግድባትን ዝተፈላለዩ መጠራቐሚ ማይ ክትትል ብምግባር ኣቐዲምካ ምጥንቃቕ ኢሉ 'ውን ምትራፍ የድሊ፡፡

ከምኡ ድማ ኣብ ሓደ ሓደ ኸባቢታት ዝህሉ ኸባድ ዝናብ፣ ምስፍሕፋሕ ፃህያይ ካብ ዛሕሊ ምብዛሕ ተተሓሒዙ ዘጋጥም ናይ ዘራእቲ ሕማማት ክህሉ ከምዝኽእል ተገሊፁ።

በዚ ድማ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ጉድኣት ንምቕናስ ኢሉ 'ውን ንምትራፍ ዘኽእሉ ናይ ማይ ተፋሰስ ቱቦታ ናይ ምድላውን ፀረ ባልዕ ንምክልኻል ቅድመ ምድላው ከምዘድሊ ገሊፁ፡፡

ብተወሳኺ ድማ ናይ ዘራእቲ ብዉሕጅ ምውሳድን ምሸርሻር ሓመድ ከጋጥም ስለዝኽእል ናይ ዉሕጅ መዕፀፊ ቱቦን ማይ መጠራቐሚን ቅድም ኢልካ ምድላው የድሊ ይብል እቲ መግለፂ። ብመንፅር ናይ ሕርሻ እቶት ካብ ምጥቃም ኣቐዲምካ ክህሉ ዝኽእል ዝናብ ኩነታታት ብዘገናዘበ መልክዑ ክኾን ከምዝግባእ ኣፍሊጡ፡፡

ብኻሊእ ወገን ኣብ ሰበኽ ሳግምን ክፋል ሰበኽ ሳግምን ትፅቢት ዝግበር ዛሕሊ ኣቕርቦት ማይን ሳዕርን ተፈጥሮ ኾነ ሰብ ሰራሕ ካብ ምዕባይ ኣንፃር ኣወንታዊ ግደ ከምዝህልዎ ተፈሊጡ፡፡

ኣብ ተፋሰስ ዘሎ ናይ ገፀምድርን ከርሰምድርን ሃፍቲ ማይ ካብ ምምሕያሽ ከምኡ 'ውን ካብ ግድብን ሩባን መጠን ማይ ካብ ምዕባይ ኣንፃር ካብ ዝህልዎ ኣወንታዊ ግደ ብተወሳኺ ፍልፍል ሓይሊ ኾነ ስራሕቲ መስኖ ዘድሊ እኹል ማይ ምጥርቃም ንክህሉ ዘኽእል ከምዝኾነ ተገሊፁ፡፡

ከምኡ 'ውን ናይ ክረምቲ ተረባሕቲ ዝኾኑ ኸባቢታት ብዝህልዎም ዝሓሸ ዛሕሊ ኩነታት ዘራእቲ ንምዝራእ፣ ኣቐዲሞም ተዘሪኦም ብዝተፈላለዩ ዕብየት ብርኪ ንዝርከቡ ናይ ሓጋይ ዘራእቲ፣ ቀዋሚ ተኽልታትን ናይ ኣትክልቲ ገደና ድልየት ማይ ንምምላእ ከምዝሕግዝ ተጠቒሱ። ዝምልከቶም ኣካላት ማይ ዝናብ ንምስብሳብን ንምጥርቃምን ዘኽእል ምድላው ምግባር የድሊ፡፡

# ተኽሊ ናይ ምትካል ስራሕቲ ንቡርን ወሳንን ስትራቴጂ ምዃኑ ብምርዳእ ኩሉ ትግራዋይ ክረባረብ ይግባእ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ተኽሊ ናይ ምትካል ስራሕቲ ንቡርን ወሳንን ስትራቴጂ ምዃኑ ብምርዳእ ኩሉ ትግራዋይ ክረባረብ ይግባእ ክብሉ ዋና ኣማሓዳሪ ዞባ ደቡብ ትግራይ ኣይተ ሃፍቱ ኪሮስ ገሊፆም።

ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ፣ከተማ ማይጨው ጎሎ ፓርክ ኣብ ዝተሳለጠ ወፍሪ ተኸላ ፈልሲ ዝተረኸቡ እቶም ዋና ኣማሓዳሪ ከም ዝበልዎ፣ ተኽሊ ናይ ምትካል ስራሕትና ንቡርን ወሳንን ስትራቴጂና ምዃኑ ፈልጡ ኩሉ ትግራዋይ ክረባረበሉ ይግባእ ኢሎም።

ከም ሓበሬታ ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ፣ ስራሕቲ ምትካል ፈልሲ፣ ምስ ምህናፅ ስትራተጂ ሓምለዋይ ኢኮኖሚ ዝተኣሳሰረ 'ዩ። ኩሎም ኢኮኖሚታትና ሕርሻ፣ ሓይሊ ኤሌክትሪክ፣ ነዳዲ፣ ሃፍቲ እንስሳ ወዘተ ተኽሊ ብምትካል ኣቢልካ 'ዮም ዝረጋገፁ ዝበሉ እቶም ዋና ኣመሓዳሪ ፣እንተኾነ ግና ሓምለዋይ ልምዓት ማለት ብምትካል ጥራሕ ዝመፅእ ዘይኮነስ፣ ድሕሪ ምትካል ስዒቦም ዝመፁ ስራሕቲ ሰሪሕኻ ክትርባሕ እንተለኻ 'ዩ።

ስለዚ ኩሉ ሰብ እዚ ተኽሊ ናይ ምትካል ሓምለዋይ ልምዓት ስራሕትና ንቡርን ወሳንን ስትራቴጂና ምዃኑ ፈልጡ ብምክንኻን ኣቢሉ ዝትከሉ ተኽልታት ረብሓ ናብ ዝህብሉ ብርኪ ንምብፃሕ ክፅዕር ይግባእ ኢሎም።

ፕረዚዳንት ዩኒቨርሲቲ ራያ ታደሰ ደጀኔ (ፕሮፌሰር ) ብወገኖም፣ ተኽሊ ምትካል ጥራሕ ጥቕሚ ክህብ ኣይኽእልን።

ተኽሊ ተኺልካ ሓብሒብካ ናብ ዝድለ ረብሓ እንተዘይበፂሑ ምትካል ጥራሕ ትርጉም የብሉን። ተኽሊ ምትካል ባህልና ገይርና ክንወስዶ ኣለና ኢሎም።

ምሕብሓብ ድማ ቀንዲ ባህልና ክኸውን ኣለዎ ዝበሉ እቶም ፕረዚዳንት፤ ተዘይ ኮይኑ ናይ ሓደ መዓልቲ ወፍሪ ተኸላ ትርጉም ከም ዘይብሉ 'ውን ደጋጊምና ርኢናዮ ኢና ። ስለዚ ሳይንሳውን ቐፃልነትን ብዘለዎ መንገዲ ክሳብ ናብ ረብሓ ዝበፅሕ ኩልና ክንሰርሕ ኣለና ኢሎም።



መተሓባበሪ ሃፍቲ ተፈጥሮን ምግቢ ውሕስናን ዞባ ደቡብ ትግራይ ኣይተ ንጉስ ተስፋይ ብግደኦም፣ ኣብ ትግራይ ሃፍቲ ተፈጥሮ ኣብ ምሕዋይ ዝስርሑ ዝነበሩ ብሉፃት ስራሕቲ ብብርኪ ዓለም ኣፍልጦ ረኺብናሎም ነይርና ኢና፤ ሕዚ ድማ ብዝተፈላላዩ ሓደጋታት ዝበረሱ ኣግራብ ናብ ዝነበርዎ ንምምላስን ተፈጥራዊ ሃፍትና ንምስትኽኻልን ክንሰርሕ ኣለና ኢሎም።

ብምዃኑ ኣብዚ ዓመት ከም ዞባ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናተወገኑ እኳ እንተመፁ ኣብ ምትካልን ምሕብሓብን ዕቱብ ፃዕሪ ከምዝሓትት ኣገንዚቦም።

በዚ መሰረት ሎሚ ዓመት ክረምቲ፣ ኣብ 97 መፋሰሳት ልዕሊ 6 ነጥቢ 2 ሚሊዮን ፈልሲ ንምትካል፣ ልዕሊ 5 ነጥቢ 8 ጉድጓድ ብጠሊ ዓቀብትን ብዘይ ጠሊ ዓቀብትን ተዳልዩ 'ዩ። ኮይኑ ግና ብዘሎ ሕፅረት ጠሊ ምኽንያት ክሳብ ሐዚ ንተኽሎ ዝግበአና ፈልሲ ዋላ'ኳ ኣይንትከል ኣብተን ጠሊ ዘለወን ከባቢታት እቲ ዞባ ልዕሊ ሓደ ሚሊዮን ፈልሲ ተተኺሉ ኣሎ ክብሎ እቶም መተሓባበሪ ኣብሪሆም።

ኣብቲ ወፍሪ ተኸላ ፈልሲ ኣመራርሓ ሰራሕተኛታትን ዞባን ከተማ ማይጨውን፣ ካብ ማሕበረሰብ ዩኒቨርሲቲ ራያ፣ ካብ ፋብርካ ፓርቲክል ቦርድ ማይጨው፣ ኣብቲ ከተማ ዝርከባ ትካላት ፋይናንስ፣ ኣባላት ፀጥታ ትግራይን ነበርቲ ከተማ ማይጨውን ተሳቲፎም 'ዮም።

# ፖሊ ቴክኒክን ሞያን መቐለ 411 ሰልጠንቲ ኣመሪቑ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብሰንኪ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ስልጠነኦም ኣቛሪፆም ዝፀንሑ ካብ ብርኪ 2 ክሳብ 5 ንመበል 22 ጊዜ 07 ሓምለ 2016 ዓ/ም 411 ሰልጠንቲ ከምዝተመረቑ ዲን ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክን ሞያን መቐለ ሙሉጌታ ገ/መስቀል ገሊፆም።

እቶም ዲን ከምዝበልዎ፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብቲ ክልል ኢኮኖሚያዊ ፀገማት ከምዘለዉ ብምግላፅ፤ ካብቲ ፀገም ንምውፃእ ካብ ማንም ጊዜ ንላዕሊ ዳግመ ህንፀት ትግራይ ንምርግጋፅ ምርብራብ ከምዘድሊ ገሊፆም።

እቶም ተመረቕቲ ብዝተመረቕሉ ሞያ ንህዝቦም ከገልግሉ፣ ኣብ ዳግመ ሕውየትን ህንፀት ትግራይን ብፅሒቶም ክዋፅኡ 'ውን ፀዊዖም።

እቲ ኮሌጅ ኣብ 1989 ዓ.ም ከምዝተጣየሸ ዝገለፁ እቶም ዲን፣ ካብ ዝጣየሸ ጀሚሩ ኣፍልጦ ካብ ዝረኸበሎም 70 ካብ ብርኪ 1 ክሳብ 5 ብስሩዕ 5946 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦ 16,160 ሰልጠንቲ ብስሩዕ ዘመረቐ እንትኸውን ብሓፂር ስልጠና ድማ 22,760 ደቂኣንስትዮ ዝርከበኦም 60,055 ብምስልጣን ናብ ዕዳጋ ዘቕረበ ኮሌጅ ከምዝኾነ ሓቢሮም።




ኣብ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ኢንዳስትሪያል ኤክስቴንሽን ስግግር ቴክኖሎጂ ኣይተ ኪዳነ ስዩም ብወገኖም፣ ድሕሪ እቲ ዘጋጠመ ኩናት ናብ ምረቓ በቒዕኹም ኣለኹም፤ ተመረቕቲ ናብ ስራሕ ንምእታውን ስራሕ ንምፍጣርን ከም ቢሮ ትኹረት ሂብና እናሰራሕና ንርከብ፤ እንኳዕ ድማ ደስ በለኩም ኢሎም።

ብሰርቨይ ዲፓርትመንት ብዝለዓለ መዓርግ ዝተመረቓ ሰልጠንቲ ሸዊት ሓድጉን ኑርያ ዓብደልቃድርን፣ ተስፋ ከይቆረፅካ እንተሰሪሕካ ፅቡቕ ውፅኢት ክተምፅእ ከምዝከኣል ብምግላፅ፤ ፅቡቕ ውፅኢት ንምፃእን ኣብ ዝሓሰብካዮ ንምብፃሕን ግና ከቢድ ፃዕሪ ይሓትት ኢለን።

ካሊእ ብዝለዓለ መዓርግ ዝተመረቐ ግርማይ ረዳ ግደይ ኣብቲ ኮሌጅ ዝነበሮ ፃንሒት ብጣዕሚ ፅቡቕ ከምዝነበረ ብምግላፅ፣ ብዝለዓለ ውፅኢት ክምረቕ ዝኸኣለ ውፅኢት ፃዕሩን ፃዕሪ መምህራኑን ምዃኑ ብምግላፅ ካብዚ ወፂኡ በቲ ዝተመረቐሉ ሞያ ንህዝቡ ብዝግባእ ከምዘገልግል ቓል እትዩ።



# ስፖርት



## ንጋንታታት ትግራይ መዛዘሚ ወፍሪ እቶት ምትእክካብ ተካይዱ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብኣዳለውነት ናይና ስፖርት ፕሮሞሽንን ኢዋይ ፕሮዳክሽንን " ጋንታታትና ነድሕን" ዝተሰየመ ወፍሪ እቶት ንጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ትግራይ ንዝሓለፈ ሓደ ዓመት ሙሉእ ብዝተፈላለዩ ሓሳባት እናተውሃበሉ ድሕሪ ምፅናሕ ኣብ ኽልተ ምዕራፋት መኽፈትን መዛዘምን ብምግባር ብሓፈሻ 120 ሚልየን 600 ሽሕ ብር ብምእካብ መፈፀምትኡ ረኺቡ ኣሎ። ኣብዚ ሰናይ ዕላማ ሒዙ ዝተልዓለ ወፍሪ እቶት ዝተሳተፍኹም ኣካላት ዝለዓለ ምስጋና ከምዘለዎ ጊዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ገሊፁ 'ዩ።

ኣብዚ መድረክ ናይ ኽብሪ ጋሻ ኮይኖም ዝተረኸቡ ኣብ ጊዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ሓላፊ ካቢኔ ሴክሬታሪያት ስግግር ማሕበራዊ ልምዓት ፕሮፌሰር ክንደያ ገ/ሂወት ከምዝበልዎ " ኣብዞም ክልተ ምዕራፋት ብሄራዊ ቴሌቶን ዝተሳተፍኹም ብፍላይ መንግስቲ ክልል ኦሮሚያ ፣ ሰብ ሃፍቲ ኩለኹም ስፖርት ናይ ሰላም ናይ ሓድነትን ማሕበራዊ ርክብ ዓብዪ መሳርሒ ምዃኑ ብምርግጋፅኹም ዝለዓለ ምስጋናይ የብፅሕ፤ ሐዚ 'ውን ኣብ ቐፀልቲ ንዝህልዎ ምንቅስቓሳት ኣብ ጎንና ኮይንኹም ስፖርት ትግራይ ንክዓቢ ከምእትሕግዙና ምንም ጥርጥር የብለይን ብተወሳኺ ድማ ኣብዚ መድረክ ዘይተሳተፍኹም ብፂሒትኹም ንክትዋፅኡ ሓደራ ይብል" ክብሉ ገሊፆም ኣለው።




ናይቲ ምድላው ኣምባሳደር ዝኾነት ፕሬዝደንት ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ኣትሌት ደራርቱ ቱሉ ብወገና ፤ ካብ ገንዘብ ምስብሳብ ንላዕሊ ዓብይ ዓላማ ሒዙ ስፖርት ንሰላም ፣ንፍቕሪ፣ ንሓድነት ሃገር ከምኡ 'ውን ቅርርብ ማሕበረሰብ ዝፈጥሮ ግደ ንሓደ ዓመት ብዝፀንዐ ቅዋም ብዘርኣየ ምድላው ብምስታፉ ዝተሰመዓ ሓጎስ ገሊፃ 'ያ፡፡

በዚ መሰረት ኣብ ኽልተ ምዕራፋት ዝተሳለጠ ወፍሪ እቶት ዝተዛዘመ እንትኸውን ብፍላይ ኣብ ስካይ ላይት ሆቴል ዝነበረ መዛዘሚ መድረክ 5 ሚልየን 600 ሽሕ ብር ጥራሕ ዝተረኸበ ኮይኑ ብዝድለ ብርኪ ከይኮነ ተሪፉ 'ዩ። ኣብዚ ድማ ፃዊዒት ዝተገበረሎም ክልላት ፣ ትካላት ልምዓት፣ ባንክታት ብዝድለ ብዘይምስታፎም ኮይኑ ኣብ ዝመፅእ ዘለው እዋናት ድጋፎን ብተግባር ንኸሪኡ ትፅቢት ይግበር።

## ኣብ ከተማ መቐለ ንዝተፀገሙ ወገናት ንምሕጋዝ ዝዓለመ ዓብይ ጉያ ክሳለጥ 'ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- እቲ ዓብይ ጉያ ኣብ ዝተፈላለዩ ፀገማት ንዝርከቡ ተመለስቲ ተጋደልትን ስድራ ስዉኣትን ንምድጋፍ ዓሊሙ ብምትሕብባር ፌደሬሽን ኣትሌቲክስ ትግራይ፣ ትካል ብሩህ መፃኢ ትግራይን ኮምሽን ሃርበኛታት ክፍለ-ከተማ ሓወልትን 14 ሓምለ 2016 ዓ.ም ኣብ ከተማ መቐለ ከምዝሳለጥ ተሓቢሩ።

እቲ ዝሳለጥ 5 ኪሎ ሜትሮ ዝሸፍን ዓብዩ ጉያ፣ ማሕበር ሰጋር ቀረፅ ቀረፅቲ ብልዕሊ 98 ሽሕ ብር ዕድጊት ቲሸርት ከም ዝፈፀመት መተሓባበሪ እታ ማሕበር ተጋደላይ ፀጋይ ኣሰፋ ዝገለፁ እንትኾን ኣብቲ ዓብዩ ጉያ መላእ ነባሪ ከተማ መቐለ ቲሸርት ብምዕዳግ ክሳተፍ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ምክትል ኣካቢ ትካል መፃኢ ትግራይ ኣይተ ሙሉጌታ ገብረእየሱስ ብወገኖም ዕላማ እዚ ዓብዩ ጉያ ብክብሪ ዝተመለሱ ተጋደልቲ፣ ስድራ ስዉኣትን ኣብ ዝተፈላለዩ ፀጋማት ዝርከቡ ተጋደልቲ ንምሕጋዝ ማእከል ዝገበረ ከም ዝኾነ ብምሕባር ማሕበር ሰጋር ቐረፅ ቀረፅቲ "ሓንቲ ቲሸርት ንሓደ ብፃይ/ብፂት" ብዝብል መራሒ ሓሳብ ንዝፈፀምዎ ዕድጊት ምስግንኦም ገሊፆም።

ማሕበር ሰጋር ቀረፅ ቀረፅቲ ኣብዚ ሕዚ እዋን 354 ኣባላት ተመለስቲ ሃርበኛታት ተጋደልቲ ዝሓዘት እንትኸዉን ብቤት ፅሕፈት ደኣንት ማኒፋልቸሪንግን ከይዲ ስራሕ መዘጋጃ ቤታዊ እቶትን ከተማ መቐለ ተወዲቦም ኣብ ዝተፈለለዩ መዉፅእን መእተዉን ከተማ መቐለ ኣብ ስራሕቲ ቀረፅ ትነጥፍ ዘላ ማሕበር ከም ዝኾነት 'ውን ኣብሪሆም።

ወገናትና ብኩለመዳይ መልዕ ንምድጋፍ ድልዋትና ኢና ዝበሉ ተጋደላይ ፀጋይ ናይዚ መርኣያ ድማ ማሕበሮም ልዕሊ 98 ሽሕ ብር ዝግመት ቲሸርት ብምዕዳግ ኣካል ድምቀት እቲ ውድድር ከምዝኾነ ገሊፆም ክብል ሓበሬታን ርክብን ከተማ መቐለ ገሊፁ።

---

## ታሪኽ ነጃሺ ብምዕቃብን ብምልሳይን መስሕብ ቱሪዝምነቱ ክጠናኸር ይግባእ

**መኣዲ ጥበብ**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ታሪኽ ኣልነጃሺ ኣብ ታሪኽ ትግራይ ይኹን ብሓፈሻ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዓብይ ቦታ ኣለዎም ካብ ዝብሃሉ ታሪኻዊ ቦታታት ሓደ 'ዩ። መስጊድ ኣልነጃሺ ካብ ኣፍሪካ ፈላማይ መስጊድ፣ ካብ ዓለም ካልኣይ መስጊድ ወይ ካልኣይ መካ እንዳተብሃለ ዝፅዋዕ መርኣያ ምክብባር ሃይማኖትን ኣብነት ምፍቅቃርን ሓልዮትን 'ዩ።

እዚ ካብ ከተማ መቐለ ናብ ዓዲ ግራት ካብ ዝወስድ ፅርግያ መንገዲ 60 ኪሎ ሜትር ወይ ድማ ካብ ከተማ ውቕሮ ንኣንፈት ሰሜን 10 ኪሎ ሜትሮ ርሒቃ ኣብ ዝትርከብ ኣብ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ንእሽተይ ከተማ ነጋሽ ዝትርከብ ድሪሕ ኣልነጃሺ ሰዓብቲ ነብይ መሓመድን ገለ ቤተሰቡን ካብ መካ መዲና ተሰዲዶም ዘዓረፉላን፤ ፈላመይቲ ሰዓብቲ እስልምና ሃይማኖት ከይተሸቁረሩ እምነቶም ብነፃነት ዘካየዱላን ስፍራ 'ያ።

እዚ ብምኳኑ ድማ ኣብ ታሪኽ እስልምና ዓብዪ ቦታ ዝወሃቦ ስፍራ 'ዩ። ኣብ ሃገርና ብመንፈሳዊነትን ብፈላማይነቱን ኣብ ዓለም ካብ ሰዓብቲ እቲ እምነት ዝለዓለ ደረጃን ክብሪን ዘለዎ መስጊድ 'ዩ።

ታሪኽ ነጋሽ ካብ ሻብዓይ ክፍለ ዘበንዝጅምር ኮይኑ፤ ነብይ መሓመድ ኣብ ሃገሮም ሃይማኖት እስልምና ምስባኽ ኣብ ዝጀመርሉ እዋን ተኸተልቶም ቁረይሽ ብዝብሃሉ ዓሌት እናተሃደኑ መጥቃዕቲ ይበፅሖም ኣብ ዝነበረ፤ 'ቶም ነብይ ድማ "ዓዲ ፍትሒን ርትዕን" ኢሎም ዝፅውዕዋ ናብ ዝነበሩ ምድሪ ሓበሻ ንክኸዱ ብምሕባር ኣመላኺቶም ሰዲዶሞም 'ዮም።

ኣብ መስጊድ ኣልነጃሺ ብዝተፈለየን ብልዑል ድምቀትን ካብ ዝኽበሩ በዓላት ሓደ በዓል ዓሹራ 'ዩ። ከምቲ ልሙድ ኣብዚ ሰሙን መበል 1446 ዓመተ ሂጅራ በዓል ዓሹራ ኣብ መስጊድ ኣልነጃሺ ብሰዓብቲ እምነት እስልምና 'ውን ተኸቢሩ 'ዩ።

ፕሬዝደንት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ክልል ትግራይ ሸኽ ኣደም ዓብደልቃድር ኣብቲ በዓል ንዝተረኸቡ ሰዓብቲ እምነት እስልምና መልእኽቲ እንኳዕ




መስጊስ አልነጃሺ

ኣብፅሐኩም ኣብ ዘመሓላለፍሉ እዋን፤ ናይ ሎሚ ዓሹራ ካብ ዝተፈላለዩ ኸባብታት ኢትዮጵያ ዝመፅኡ ኣጋይሽ ዝተሳተፉሉ ብምንባሩ ካብ ካልኦት እዋናት ፍሉይ ከምዝገብሮ ብምሕባር፤ ሰዓብቲ እምነት እስልምና፣ ነዚ በዓል ከኽብሩ እንተለዉ ንተመዛበልትን ንዝተፀገሙ ወገናትን ክሕግዙ ከም ዘለዎም ምዝራቦም ፅብፃብ ኤመሓት የመላኽት።

ምክትል ኣመሓዳሪ ወረዳ ኽልተ ኣውላዕሎ መምህር ኣፅብሃ ገ/ሃዋርያ ብወገኖም ኣፍቲ ስነስርዓት ከምዝገለፅዎ፤ ታሪኻዊ መስጊድ ኣልነጃሺ ኣብ ዩኔስኮ ንምምዝጋብ ዝተጀመረ ምንቅስቓስ ኣብ መፈፀምታ ንክበፅሕ ምምሕዳር ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ እጃሙ ከፍፅም'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም 'ዮም።

ምስዚ ዝተተሓሓዘ ኣብ ድሮ እቲ በዓል ዓሹራ ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ዳግመ ህንፀትን ተወሳኺ ልምዓትን መስጊድ ነጃሺ ዝጠመተ ላዕለዎት ኣመራርሓ ጉዳያት እስልምና ትግራይን ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ዝተሳተፉሉ ዝረተኻየደ ኮይኑ፤ ኣብዚ ዋዕላ ነጃሺ፤ ብምኽንያት ዝተኻየደ እቲ ኲናት ኣብ መስጂድ ነጃሺ ዝበፅሐ ዕንወት ንምፅጋንን ተወሰኽቲ ፕሮጀክትታት ንምልማዕን ዝዓለመ ምዃኑ ዋና ፀሓፊ ጉዳያት እስልምና ትግራይ ሓጂ መሓመድ ካሕሳይ ተዛሪቦም።

ፕሬዝደንት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ እስልምና ትግራይ ሸኽ ኣደም ዓብደልቃድር ብወገኖም፤ ኣካል ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ታሪኽ ነጃሺ ብምዕቃብ ንመስሕብ ቱሪዝምን ቁጠባዊ ረብሓን ምውዓል ከምዝግባእን ንዳግመ ሕውየትና ኣብ ረብሓ ክውዕል ከምዝግባእ እውን ገሊፆም እዮም።

ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዚምን ዘኾኑ ኣይተ ኣፅብሃ ገብረእግዚኣበሄር ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ሓፋሽ ከምዝገለፅዎ፤ በዓል ዓሹራ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ዙርያ ፅገናን ልምዓትን መስጊድ ነጋሽ ዕውት ዋዕላ ከምዝተኻየደ ብምግላፅ፤ እዚ ዋዕላ ክሳኻዕ ሓፈሻዊ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና፣ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ፣ ኣርዲ፣ ዩኒቨርሲቲ መቐለ፣ ዛህራ ፕሮሞሽንን ካልኦትን ዝነበሮም ግደ ዝለዓለ ከምዝነበረ ሓቢሮም።

ትግራይ ካብ ዝሓቖፈቶም ፀጋታት ቱሪዝም ሓደ ዝኾነ ነጃሺ ንምልማዕ ዝግበር ፃዕሪ መንግስቲ ዘድሊ ደገፍ ከምዝገብ 'ውን ኣይተ አፅበሃ ገ/ሄር ወሲኾም ገሊፆም 'ዮም።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብቲ ሃገራዊ ዋዕላ ነጃሺ ንምፅጋንን፤ ተወሰኽቲ ፕሮጀክትታት ንምልማዕ፣ ንዓለም ክፉለጥ መስሕብ ቱሪዝም ክኸውንን ዘኽእሉ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ቀሪቦም ከምዝዝተየሎም ደወትን ቴሌቪዥን ትግራይን መፅብፃቦም ዝዝከር 'ዩ።

---

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ